# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 25 ዓመት ቁ. 200 | ረቡዕ 20 ሚያዝያ 2016 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ንሽሓ ኢኻ ዒላም



ገጽ 3
ኮርፖሬሽን ጥሪትን . . .



ገጽ 4
ንሽኻ ጽናይ ታሪኽ ትፈልጥ?



ገጽ 7
ዓይነታት ዋሕዚ ኤሌክትሪክ



ገጽ 9
የናታን ሃይሉ ብጫ ማልያ ወደዩ




# "ብጸጋታት ኤርትራ ተደኒቕና" ተሳተፍቲ ዞባዊ ስልጠና



ስ/ ሳልሕ ዓብደልቃድር

ካብ 10 ክሳብ 15 ሚያዝያ፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተቓንዐ ዞባዊ ስልጠና ምክትታል ጉድኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ዝተሳተፉ ዜጋታት ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ብዙሕ ፍሉያት ዝረኸቡሉ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ኤርትራ፡ ፍሉይ ተሞክሮ ከምዝሓደረሎም ገሊጾም።

እቶም ብ16ን 17ን ሚያዝያ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኤርትራ ዑደት ዝገበሩ ወጻእተኛታት፡ ኤርትራ - ኣብ ርእሲ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ኣብ ኢጋደሽ ብዘለዎ ኣኽብሮትን ፍሕሽው ኣቀባብላን ዝልለ ህዝቢ እውን ከም እተዓደለት ማስከረም።

ካብ ኣስመራ ናብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝተጓዕዙሉ ኢጋጥሚ ዘስተማቕርዎ ኩነታት ኣየርን ቅርጺ መሬትን፡ ፍሉይነት ከምዝዘበሮ ዝገለጹ እቶም ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዓለም ብርቂ ተርእዮ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ -ታሪኻዊ ኣጉዳስት ዘለዎ ህንጻታትን ጽሩይ ከባቢን ዘውትን ገማግም ባሕሪ ኣብ ኤርትራ ክረኽቡ ብምኽኣሎም ሓጎሶም ገሊጾም።

ዝተዓዘብዎ ሰላምን ርግኣትን ጻማ ረዚን ዋጋ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምዃኑ ኣብ ሓጺር እዋን ክርድኡ ምኽኣሎም፡ እዚ ድማ ክዕቀብን ንዜጋታት ካልኦት ሃገራት ዓቢ ትምህርቲ ክኸውንን ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራ ኣብ ዓቕሚ-ሰብ ንምክትታል ጉድኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ጽቡቕ ሰጉማ ምህላዋ ሓቢሮም።

ኣብ'ቲ ዞባዊ ስልጠና፡ ካብ ሱዳን፡ ኬንያ፡ ብሩንዲ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኬፕ-ቨርደ፡ ታንዛንያ፡ ዘምባብዌ፡ ሞሮኮ፡ ጋና፡ ናይጀርያ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣፍጋኒስታን፡ ታይላንድ፡ ሽወደን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ስዊዘርላንድን ዝርላንድስን ዝመጹ ሞያውያን ከምእተሳተፉ ይፍለጥ።

# ዓጎምቦሳ - ፋሕ ዝበላ ዓድታት ክጥርነፋ እየን

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ወይዘሮ ጽገረዳ ወልደገርጊስ፡ ምስ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዓጎምቦሳ - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብዛዕባ ኣጉዳስነት ምጥርናፍ ዘትየ።

ጥርናፈ መሰረት ምዕባለ ብምዃኑ፡ ፋሕ ኢለን ዘለዋ ስድራቤታት ተጠርኒፈን ተጠቀምቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኾና - ምምሕዳር ዞባ ብቐዳምነት ሰሪሕዎ ካብ ዘሎ መደባት ምዃኑ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዓጎምቦሳ ኣብ ዝተጸንዐ ቦታ ንምጥርናፎም ተታሒዞ ዘሎ መደብ ኣብ ምጽፋፍ ከምዝርከብ ገሊጻ።

ነበርቲ ዓጎምቦሳ ካብ ሰቦኩሶግማዊ ሂወት ምስ ተገላገሉ፡ ጎደኒ-ጎደኒ'ቲ ዝመርሕዎ ቀዋሚ መነባብሮ፡ ከባቢኦም ናብ ሓምላይ ንምቕያር ኣብ ምግራብን ምስራሕ ዛላታትን ኩትርታትን ክሰጥፉ ከምዝኾኑ'ውን በቲ ኢጋጥሚ ኣዘኻኺራ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ፡ ነበርቲ ኣብ መስርሕ ምጥርናፍ ምትሕብባሮም ከዘይዱን ብወሀደት ክሰርሑን ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ርጉእ ሂወት ንክመርሑ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶ፡ መርኣያ ናይ'ቲ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዘለዎ ሓልዮት ምዃኑን ንምዕዋቱ ድሉዋት ምህላዎምን ኣረጋጊጾም።

# ጋላ-ነፍሒ - ኣብ ንቕሓት መንእሰያት ዘተኩረ ጉስጓስ ይካየድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያትን፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት መንእሰያት ዘተኩረ ጉስጓስ ተኻዪዱ።

እቲ ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ማይ-ነፍሒ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ዘይተደልየ ጥንሲን ሳዕቤናቱን፡ ኣብ ሓደገኛ ወልፍታትን ጥዕናውን ማሕበራውን ጸልዋኡን ዘተኰረ'ዩ።

መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ኣብ ጓል-ኣንስተይቲ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሳዕቤናት ስለዘኸትል፡ ዝኾነ ካልእን ካብ ምዕባለ ዝዓትእ ሃገራዊ ልምድታት ንምውጋድ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ብንቕሓት ምምላኡ ከምዝዀነ ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሕማቕ ወልፍታትን ዘይሰሉ-ምግባራዊ ኣካይዳን ካብ ቅኑዕ ዕላማ ኣዘንቢሉ ሂወትካ ብዓንቀፍ ንኸይትመርሕ ስለዘይፍቅድ፡ ተመሃሮ ካብ'ዚ ንብሶም ክሕልዉን ክርሕቑን ምኽሪ ተለጊሱ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ከምዚ ዝበለ ኣስተምህሮ ኣማኢዚ ስለዝኾነ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

ንተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ሰራርቲ እውን ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ ከምእተዋህበ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።



ስ/ ፍዝራት በየን

# ሸዕብ - መሬት ሕርሻ ምድልዳል ይግበረሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ናይ ሕርሻ መሬት ምድልዳል ክግበር ምዃኑ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓመድ ሓምድ ዓሸከራይ፡ ምስ ሓረስቶት ኣብ ዝገበሮ ርክብ ገሊጹ።

ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬት፡ ሓላፍነትን ዘይምዕሩይን ብምንባሩ ዘይተደልየ ሳዕቤናት ክፈጥር ምጽንሑ ዝጠቐሰ ኣቶ መሓመድ፡ እዚ ንምፍታሕ ኣብ ቀረባ እዋን ምዕሩይ ምድልዳል መሬት ክግበር ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብረሃጹ ዝለምዐ ዜጋ፡ ማዕረ ናይ ተጠቃምነት መሰሉ ሕልው ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ነቲ ዝካየድ መስርሕ ምድልዳል ንምዕዋት፡ ነፍሲወከፍ ዜጋ እጃሙ ክበርክት ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንኹሉ ከርብሕ ትጽቢት ንዝገበረሉ ዕማም ንምዕዋት ድሉዋት'ዮም ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ማሰል ተጠቃምነት ደቂ-ኣንስትዮን ስንኩላንን ዳግመ-ግምት ክግበረሉ ኣዘኻኺሮም።

# ንስኻ ኢኻ ዓለም

ኣማኑኤል በርሀ

ኣንታ ብህይወት ዘለኻ ወለዶ፡ ዓድኻ እንታይ ትመስል? ንሳዶ ንዓኻ ትመስል ወይስ ንስኻ ኢኻ ንዕኣ ትመስል? መኽንያቱ ንመን ምስሊ ዘትሕዞ? ቅምጥ ኣልካዶ ንዕኣ ትመስል ዋላስ ንሳ'ያ ቅምጥ ኣላ ንዓኻ ትመስል? ተወጺኻካዶ ተወጺኻ? ሒዚትካ ክትዘልል ዲኻ ትጸበ ዘለኻ ወይስ ሒዙካያ ኩብዕ ክትዘልል? ሎሚ ደኣ'ወ ተፈጥሮ ንዘዩደላን ንዘንታ ኣቦታትካን ትመስል ኣላ - ንስኻኸ ንዕኣ ትመስልዶ? ጸባሕ ግን ንዓኻ'ያ ክትመስል - እንተበረኻ ትብርር፡ እንተደቀስካ ትድቅስ። ከማኻ ሰብ'የም ንዓለም ዘመቕሩዋን ዝሽልዕዋን። ንስኻ'ውን ኣብ ናይ ጸባሕ ዓለም ኢድ ኣለካ። እሞ ኣብ ናይ ጸባሕ ህንጻ ዓለም እንታይ ዓይነት እምኒ ኢኻ ክትቕምጥ - ድንኩልዶ ዋላስ ዓረ? ዓለም'ኳ ሃገር ተደሚሮ ሃገር'ያ። ሃገር ከኣ ገዛ ተወሲኾ ገዛ። ስለ'ዚ ገዛኻ ትመስሎዶ ትመስለካ? ናይ ጸባሕ ገዛኻኸ እንታይ ትመስል? እዚ ሕቶ ከይገፍሕን ከይጸብብን ምእንትስ ከተማኻ ትመስሎዶ ትመስለካ? ጸባሕከ ንሳ ድያ ንዓኻ ክትመስል ወይስ ንስኻ ኢኻ ንዕኣ ክትመስል?

ጸባሕ ኣብ ዝመረጽካያ ዓይነት ከተማ ክትነብር ትኽእል ኢኻ። ንምርጫኻ ግን ክትሰዕቦ ኣለካ። ንምርጫኻ ኢድካ ከተንበረሉ ኣለካ። ንምርጫኻ ኣእዳውካ ኣጥሚርካ እንተተጸቢኻዮ ግን ካልኦት ኣብ ዝመረጽዋ ዘይናትካ ከተማ ኢኻ ክትነብር - ዘይናትካ ከኣ ክንደይናይ ከይትምእምኣካ።

ኩነታት ኣየር፡ መሳለጥያ፡ ጽሬትን ኩነታት መነባብሮን ገለ ካብ መዐቀኒታት ምቹእነት ናይ ሓንቲ ከተማ'የም። እቲ ኣውራ መዐቀኒ ግን ዘለዋ ሰላምን ርግኣትን'ዩ። እዚ ከኣ ብባህልን ስነ-ምግባርን ነበርታ ይውሰን። ብዋበኡ ድማ ሓደ ሰማይ-ጠቀስ ህንጻታትን ኩሉ መሳለጥያታትን ዘለዎ ቦታ፡ ነበርቲ እንተዘይሃልዮሞ ከም ከተማ ክቘጸር ኣይክእልን። ስለ'ዚ ከኣ ህንጻታትን ካልኦት ኣገልግሎታትን ዘይኮኑ፡ ሰብ ባዕሉ'ዩ መዐቀኒ ናይ ከተማ።



ሓንቲ ንዘጠዓለ ካብ ድልየታት ወዲ ሰብ እተማልእ ከተማ፡ ብስርቅን ቅትለትን እትልለ እንተኾይና፡ ንኽትንበረላ ዘይትምችእ ከተማ ትኸውን። ብኣንጻሩ እታ ብምትሕልላይን ብምትሕግጋዝን እትልለ፡ ኣብ መሳለጥያታት ግን ብዙሕ ዘይትንኣድ ከተማ ልዕሊእ ዝተመርጸት ሰፊሑ ክብሃል ኣይክኣልን። እቲ ምንታይሲ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ባይታ ክትቈጻጸሮ እንተኽኣልካ፡ ካብ ልብን መንፈስን ናይ'ቶም ተግባርቱ ግን ክትሓኮ ኣይክኣልካን ዘለኻ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ካልእ ግዜ ተመሊሱ ክምጽኣካ ይኽእል'ዩ። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ናይ ክትረግጽን ከይትረግጽን ክትግዕዝን ክትጸርን'ምበኣር፡ ነበርታ'የም መዐቀኒኣ - ሰብ'ዩ ከተማ።

ኣብ ከተማታት ዝነብር ህዝቢ፡ ካብ ነንበይኑ ሕብረተሰብ ዝመጽኤ ብምዃኑ፡ ዝተፈላለየ መዐቀኒታት ስነ-ምግባር ክህልዎ ይኽእል። ንርግኣቱ ዝሕግዝ ናይ ሓባር መዐቀኒ ክጥሪ እንተዘይክኢሉ ድማ'ዩ ኣብ ሕንፍሽፍሽ ዝኣቱ። ተመሳሳሊ ክብርታት ካብ ዘለዎም ሕብረተሰባት ዝመጽኡ እንተኾይኖም፡ ብዙሓት ጸለውቲ ረቛሒታት ከጋንፍዎ ስለዝኽእሉ፡ ናይ ሓባር ክብርታቱ ዓቕሙ ንክሕይድ ክጽዓረሉ ይግባእ። ክብርታቱ ዓቕሙ ዝሐይድ ነባሪ ዘለዋ ከተማ ድማ ንሳ'ውን ክብራ ዓቂባ ትጓዓዝ።

ኣብ ሓንቲ ከተማ'ምበኣር፡ ማዕረ-ወትሩ ከቢድ ወይ ዘይክኣል ይኸውን። ንምዕቃቡ ዝግበር ጻዕሪ ግን ብዘተዓጻጸፈ መዐቀኒ ዝቖለለ እዩ። ርሻናትን ኀደናታትን ክትሃንጽ ሽሉል ዝበልካዮ ዕቃብ-ባህልታት፡ ሳዕቤኑ ምስ ጉልሐ ክትመልሶ እትፍትን ጸገማታት፡ ካብ'ቲ ኑቲ ትሕተ-ቅርጺ ክትሃንጽ ዝተሓተትካዮ ጻዕሪ ብኣሽሓት ዕጽፍታት ይኸብድ። እቶም ኣብ ልዕሊ ዝተበረዘ ባህልታትን ነውርታትን ዝሃጸካዮም ርሻናት ድማ ጥዕና ዘለዋ ከተማ ከቕሙልካ ኣይክእሉን።

ጸባሕ እንታይ ከምእትመስል ብዘይ ጸልግልግ ይርኣየካ እንተሃልዩ፡ ከተማኻ ድማ ንዓኻ'ያ ክትመስል። ንሳ ምስልኻ ክትጸርበልካ ኣይትጸበ - ንሳን ንስኻን ወጽኢት ሕልምታትካን ተበግሶኻን ኢኹም። ከተማኻ ንመዓልታዊ ወረኻ እናተዓዘበት'ያ ምስላ ካብኻ እትጸብዮ - ንስኻ ግን ካብኣ ምስልኻ ኣይትጸበዮ። እቲ ሞደሻን ዓረን ኣብ ኢድካ'ዩ ዘሎ። እቲ ዝውቀር ምስሊ ኣብ





ትኸውን።

ወዲ ሰብ ባዕሉ ንዝኣጎዶ ከጥፍእን ባዕሉ ንዝርስሖ ከጽርዮ'ዩ ብዙሕ ግዜኡን ገንዘቡን ዘጥፍእ ዘሎ። ከም'ዚ ስለ ዝገበርካ ግን ወናኒ ሰላምን ጽርየትን ኢኻ ማለት ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ ርግኣትሲ፡ ዕግርግር ብዘይምፍጣርካ ዝመጽእ ደኣ'ምበር፡ ዕግርግር ስለ ዘህዳእካ ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ ጽርየት'ውን ዝርሳሕካዮ ብምኽሳታር ዘይኮነስ ናይ ዘይምርሳሕ ባህሊ ብምውናን ዝርከብ'ዩ።

ኣብ ሓደ ከተማ ሰርቅን ምድንጋርን ምስ በዚሑ ብሓይሊ ፖሊስ ክትቈጻጸሮ ስለዝኽኣልካ፡ ኣብ'ታ ከተማ ርግኣት ምኽባርን ምትሕግጋዝን ምእዙዝነት ሕግን ስነ-ምግባር እንተደኣ ተሃኒጹ ግን ውሕስነት ዘለዎ ርግኣት ክትውንን ትኽእል። ኣብ ጽርየት ከተማ'ውን ብተመሳሳሊ፡ ንጎደናታት ብዓቕሚ ሰብን ማሽንን ስለዝጽረግናዮ፡ ከተማኻ ጽሬት ኣለዋ ማለት ኣይኮነን።

"ኣስመራ ጽርይቲ ከተማ እያ" ክትብሃል ከላ፡ ስለ ዘይተርስሓ ደኣ'ምበር፡ ስለ እንኽሰትራ ኣይኮነትን። ምኽሰታርሲ ኑቲ ብዘይ ፍላጥን ብዩም ሽሉል ዝበሉን ንዝረስሐ ደኣ'ዩ ዘድሪምበር፡ ከም ባህሊ ንዝተኣታተወ ወጻኢላይ ኣተሓሕዛ ከጽርዮ ኣይክእልን እዩ። ብዓበኡ'ውን ጽሩይ ሰፍራ ዝብሃል እቲ ዘይተርስሐ ደኣ'ምበር፡ እቲ እንኽሰትሮ ኣይኮነን። ሓንቲ ከተማ ማዕረ መሳለጥያታት ቀጻሊ እናተሃንጸ ክሽይድ ዘለዎ ምኽላዕ ክብርታትን መቓብር ነውርታትን የድሊ። ኣብ ነበርታ ምብራዝ ባህልታት እንተደኣ ኣጋጢሙ ግን ጋሻስ ይትረፍ፡ ነብራ'ውን ክጸሮ ዘይክእል ኩነታት የጋጥም። ኑቲ ክብርታት ተመሊስካ ንምምጻኡ ዝግበር ጻዕርታት ድማ ዓቕምታትካን ኒሕካን'ዩ ዝምርኮሱ። ዓለም ካብኻ እልቢ ኣልቦ ምስልታት ትጸበ ስለዘላ፡ ንስኻ ካብ ዓለም ዋላ ሓንቲ ኣይትጸበ። ንስኻ ኢኻ ከተማ፡ ንስኻ ኢኻ ሃገር፡ ንስኻ ኢኻ ዓለም! ኑብስኻ እንተዘይረኺብካያ፡ "ዓለም" ምሉእ ከሊልካ'ውን ንዓለም ክትረኽብ ኣይትኽእልን ኢኻ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ዋና ኣሰናዳኢ

ብንያም ፍስሃጽዮን
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰማያዊት ሓይለኣብ


## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

ሆስፒታል ሓሊቡት
18 54 00
ሆስፒታል ኦሮታ
20 19 17
ፖሊስ ኤርትራ
12 77 99
ኮርፖረሽን ኤሌትሪክ
ሰቲ
12 22 22
ፋርማችያ ቁ. 1
127565
መጥፋእቲ ሓዊ
202099

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ካርቱን |
| 12፡30 | ዜና ትግርኛ |
| 12፡50 | ዕላል ጥበባት |
| 13፡30 | ዜና ዓረብ |
| 13፡40 | ዘተ ገሉብ ደሓን |
| 14፡15 | Tv/ Drama/struggle/ E-27 |
| 15፡05 | ጨፌራ ጥዕና |
| 15፡45 | መደብ መዚቃ |
| 16፡50 | Open Mic |
| 17፡10 | መደብ ስፖርት |
| 17፡45 | መኣዲ ስሃጥቡብ |
| 18፡20 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 18፡55 | መደብ ልምዓት |
| 19፡30 | ሄሪር |
| 20፡00 | ዜና ትግረ |
| 20፡10 | ሽዕበት |
| 21፡00 | ዜና ትግርኛ |
| 21፡10 | መደብ ኖራት - ምስ ስሃጥቦቦዊት ኣጸበሁት የውሃንስ |
| 22፡00 | ዜና ዓረብ |
| 22፡25 | ኣለመጀላ - 2 |
| 22፡30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22፡40 | Film |

## ቁጠባን ልምዓት

# ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣብ ጉደና ሜካናይዝድ ሕርሻ

የማነ ሃይለ

ሕርሻ ከቢድ ጻዕሪ እዩ። ፈለማ ማይ ክትሕዝ ወይ ከተዋህልል ኣለካ። ብድሕሪኡ፡ ናይ ሕርሻ ትሕተ-ቅርጺ ይመጽእ። ማይ ዝጭንገዕ ፖምፓታት፡ ሻምብቆታት ናይ ማይ፡ ማሽነሪታት ሕርሻ - ኮታስ ኩሉ ዓይነታት ሕርሻዊ ቴክኖሎጂ ምስናይ ንዕኡ ዝመልኽ ሓይሊ ሰብ። ነዚ ኩሉ ኣንቀሳቒስካ ኣብ ስራሕ ንምእታው ድማ፡ ጸዓት መሰረታዊ እዩ። ስለዚ፡ ዝጭብጥ ሕርሻዊ ፍረ ንምሕፋስ፡ ኩሉ'ዚ ዘይተኣደነ ማል ዝሓትት ቅድመ-ኩነታት ክምለስ ኣለዎ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኑብሽኻ ናይ ምኽኣል ማእከላይ መትከልን ንጠለባት ውሽጣዊ ዕዳጋ ዝምልስን ንሰደድ ዝበቅዕን፡ ካብ ያታዊ ናብ ዘመናዊ ሕርሻ ዝሰጋገር ልዑል ኣፍራይነት ዘለዎ ሕርሻ ናይ ምምዕባል ናይ ነዊሕ እዋን ራኢይ ከምዘለዎ ኩሉ ዘሰተብህሎ ጉዳይ እዩ። ከም መርኣያን መቐጸልታን ናይዚ ራኢይ'ዚ፡ ንሃገርና ኣብ ሰለስተ ናይ ልምዓት ዞባታት - ከበሳታት፡ ምዕራባዊ መታሕት፡ ከምኡ'ውን ምብራቓዊ ኣጻድፍን ትሕቲኡ ዘሎ ጎላጉልን መቒሉ፡ ኣብ 2012 ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን ብኣዋጅ ከምዝቖመ ይፍለጥ።

ኣብ ምቛም ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን፡ መንግስቲ ኑቲ ስራሕ ቡቲ ዝለዓለ ቴክኖሎጂ እዩ ጀሚርዎ። "መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣቡቲ ዝጸንከረ ኩነታት ከይተረፈ፡ ኑብሱ ብምኽኣል እዩ ዝልለ" ዝበለ ሓላፊ ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን ኤርትራ ሜጀር ኩብርኣብ ኣብርሃም፡ ከም ኮርፖሬሽን ካብ ዝቖሙሉ ግዜ ጀሚሮም ዝኣክል ዘመናዊ ማሽነሪታት ከምዝዓጠቑ እዩ ዝገልጽ። ብሓቂ ከኣ፡ ኣብ ከባቢ ኣለቡ ዝርከብ ቤት ዕዮኦም (ዎርክ ሾፕ) ተዘዋዊርና ከምዝተዓዘብናዮ፡ ንዝተፈላለየ ሕርሻዊ ናውቲ ዝውዕል ሓጻውን ብዝተፈላለየ ዓቐናት፡ ኩርናዓትን ቅርጻን ዝቐርጽ፡ ዝዓጽፍ፡ ዝልሕምን ዳግም ዝምስርሕን ከበድቲ ዲጂታል ማሽነሪታት ኣብ ንጡፍ ስራሕ ኣሎ። ቡብእዋኑ ካብ ሕርሻ ገርሰትን ካልኦት ፕሮጀክታትን ንዝቐርበሉ ጠለባት እናመለሰ ድማ፡ ኑቲ ካብ ደገ ብኽቡር ዋጋ ዝመጽእ ዝነበረ ንኣሽቱ ናይ ስርዓት-ምስታይ ጀራዲን ኣቕሑ ተኪእዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዓይነታውን ነዊሕ ዘሰርሕን ከምዝኾነውን ይገብር ኣሎ። ከምኡ ስለዝኾነ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ሜጀር ኩብርኣብ "ኩሉ ክንየድ ዝጸንሐ ፈተነታት ዕዉት እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ኣለና" ብምባል ዝገለጸ።

ኣብ መእተዊ ከምዝጠቐስናዮ፡ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ልምዓታዊ ዕማም፡ ብቑዕ ሓይሊ ሰብ ማእከላይ ቦታ እዩ ዝሕዝ። ምስቲ ዝተኣታቶ ቴክኖሎጅን ሓድሽ ኣገባብ ኣሰራርሓን ዝዳረግ ዝተማህረን



ሜጀር ኩብረኣብ ኣብርሃም

ዝሰልጠነን ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ወሳኒ እዩ።

ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን ካብ ዝተፈላለያ ኮሌጃትን ናይ ስልጠና ማእከላትን ንዝመጽእዎ መንእሰያት፡ ኣብ ውሽጡ ቀጻሊ ስልጠናታት እናሃበን ኑሓድሕዶም ክመሃሃሩ እናኣተባብዐ፡ ኩሉ'ቲ ስራሕ ብመንእሰያት ከምዝዕመም ይገብር።

ኣብ ውሽጢ'ቲ ተጸዋዊዕካ ዘይትሰማምዓሉ ሰፊሕ ቤት ዕዮ ኣባላቱ ክኣልን ስርሖም ክከታተልን ዝጸንሓና መንእሰይ ኣማን ተኪኤ ሓላፊ ናይቲ ዎርክ ሾፕ እዩ። ኣማን፡ ኢቶም ንሱ ዝምእክሎም 60 ዝኾኑ መንእሰያት ብስራሕን ዲስፕሊንን ዝተሳነጹ ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ መዓልታዊ ፍልጠቶምን ኣቡቲ ማሽናት ዘለዎም ምልከትን ወሲኾም ከምዝሓድሩ እዩ ዝገልጽ። "ካብና ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍልጠቶም ኣብ ኑሓድሕዶም ተወራረሲ እዩ" ድማ ይብል። ኢቶም መንእሰያት ቡቲ ሓሆምዎ ዘለዉ ኣንፈት ኣብ ሓጺር እዋን ዓብይቲ ክኢላታት ከምዝኾኑ ምሉእ እምነት ከምዘለዎ ዝገለጸ መንእሰይ ኣማን፡ ኢቲ ስራሕ ብጽፉፍ ኣወዳድባ ስለዝተበገሰ፡ ሕርሻ ሃገርና ዘበናዊ ጉደና ዝሕዘሉ እዋን ርሑቕ ከምዘይኮነ የረድእ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ድሕሪ ናጽነት ዝተሃንጹ ስትራተጂያውያን ቢዝንቲ ማይ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጎላጉል ናብ ሓምላይ ክቕይሩን ኑቲ ዝተወጠነሎም ናይ ውሽጥን ናይ ሰደድን ምህርቲ ክፍርዩን ዘተኣማምን ዓቕሚ ኣለዎም። ንሳቶም ዝጠልብዎ ዘመናዊ ማሽነሪታትን ናይ ጸዓት ትሕተ-ቅርጻን ከኣ፡ ብተብተብ ዘይኮነ ብዝተወደበን ዝተጸንዐን ኣገባብ ይዋደድ ኣሎ። እዚ ብልዑል ናይ ወጻኢ ሸርፊ ናብ ሃገር ዝኣቱ ዘሎ ምዕቡል መሳርሒታት ሕርሻን ጸዓትን፡ ንዕኡ ዘድሊ ምዕቡል ናይ ጽገና ቤት ዕዮ ምውዳድን ብደቂ ሃገር ከምዝዓይን ከምዝጽገንን ምርግጋጽን ዓቢ ግምት ተዋሂብዎ ክሰርሓሉ ከምዝጸንሐን፡ ሕጂ'ውን ይሰርሓሉ ከምዘሎን ዝገለጸ ሓላፊ ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን ሜጀር ኩብርኣብ ኣብርሃም፡ "ኣብዚ እዋን'ዚ ድልዱል መንጠሪ ባይታ ተነጺፉ ኣሎ" ኩብል ኣነጺሩ። ጎድኒ ጎድኑ፡ ከም ፋብሪካ ባናቶም - ኣለቡ ዝኣመሰሉ ሕርሻዊ ምህርቲ ዝምስርሑ መሳናዓት ክዕምብቡ ምዃኖም ድማ'ዩ ብምትእምማን ዝገልጽ።

እቲ ዕማም ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ፡ እቲ ሒዝዎ ዘሎ ኣንፈት ግን ኣገዳሲ ዘተባብዕ እዩ። ኣብ ፋብሪካ ባናቶም ኣለቡ ተኸዚኑ ዝጸንሓና፡ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ልዑል ተቐባልነት ከምዘለዎ ዝተገልጸ፡ ብዝተፈላለየ ዓቐን ዝተዓሸገ ሳልሳ፡ ቁንጮ ስእሊ ናይ መጻኢ ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ እዩ። ኣብ ሕርሻ ገርሰት ንፍረ ተቓሪቡ ዘሎ ብኣሽሓት ዝቑጸር ኣግራብ ፍሩታን ሰፊሕ ናይ ኣሕምልቲ ጀርዲንን፡ ኣብኡ ዝፋረያ ዘለዋ ጥሪትን እውን እቲ ጉዕዞ ናበይ ገጹ ምዃኑ መኣዝን ዝሕብሩ እዮም።

ናይ ዝናብ ወቕቲ ጥራይ እናተጸበኻን ኣብ ዓመት ሓንሳብ ጥራይ ውሱን ምህርቲ እናሓፈስካን ክትነብር ኣብዚ ዘመን'ዚ ዘዋጽእን ዘተኣማምንን ምዃኑ ከይተገልጸ ዝተሓልፈሉ እዋን ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። ሓንሳብ ኣብ ዓመት እናኣፍረኻ ውሕስነት መግቢ ክረጋገጽ ስለዘይከኣል።

ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን በዚ ሓሆምዎ ዘለዉ ናይ ልምዓት ፍኖት ክቕጽሉን ንዓመታ ኣብ ህጡር ቀውዒ ክጸንሐናን እናተመነና፡ እቲ ኣብ ትሕቲኦም ንዘለምዕ ዘሎ ሕርሻ ገርሰት በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ፡ ኣብ ዝቕጽል ሕታማትና ክንድህስሶ ኢና።














ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ንስኻ፡ ነየናይ ታሪኽ ትበቅዕ?

እንቋዕ ብሂወት ከለኹ ብዓል ዛንታ፡ ብዓል ታሪኽ ምዃነይ ፈለጥኩ! ንድሕሪት ምልስ ኢለ፡ ክሳብ'ዚ ዘለኹዎ ግዜ ኣንቢበ ኣብሎ'ሞ፡ "ወይለይ ኣነ'ውን ታሪኽ እባ ኣሎኒ'ዩ!" ኢለ ብቡሉዳ እትንትኖ። ኣብ'ቲ ቀረባ ትማሊ ወይ ዓንተቦይ ከይተረፈ፡ ገለ ዛንታ ከም ዝገደፍኩ ክረጋገጽ ክኢለ ኣለኹ። እንተ ውሑዱ፡ ትማሊ-ትማሊ'ኳ፡ ምሳሕን ድራርን በሊዐ! ኣብ ገለ መዓልታት'ውን፡ ምስ ጀምዓ ኩይኑ ብኣፍንጫይ ተሊል ክሳብ ዝበል ኣልኪል ኣንጓዕጕዐ ኣለኹ። ዝዘዘርናዮ ሰብ ኣይብላዕ-ኣይሰተ ክሳብ ዝኾነውን ቅልጥ ዘበልናሉ መዓልታትከ መዓስ ውሑድ ኩይኑ! ዝኾነ ኩይኑ፡ ዘርዚርካ ዘይውዳእ ታሪኽ ኣሎኒ። ዘውደ ዓርከይ እውን ታሪኽ ኣለዎ። "መኣዲ ብዘይመግቢ" ክንብሎ ከለና፡ ፍጹም ዝርስዎ ኣይኮንኩን። ምናልባት ሰላም ክብለና እንተ ኾይኑ "ለሚ ዝበረት ምሳሕ፡ ትማሊ ዝበረት ድራር፡ ኣቤት ናይ ሕጂ ቁርሲ. . ." ምስ በለ እምበር፡ ቅድሚኡስ ሰላም'ኳ ኔይብል - ዘውደ ዓርከና። ሸዑ ዝርዝር ናይ ዝተመገቦ ዓይነት መግቢ ብውሑለን ሰምዒታዊን ኣገላልጻ ክዝገረና ምስ ጀመረ፡ ዝጠመናን ዘይጠመናን ምራቕና ጎርዖ ምባል ኣይንገድፍን። ዘውደ ከዕልል ከሎ፡ "ዓጠም - ዓጠም ምስ ኣበልኩዎ፡ ሕይኽ - ሕይኽ - ኣዳቐቕ ኣበሉ፡ ምንፋጭት - ምንፋጭት ኣበለ ውሕጥ፡ ኩልሰ - ኩልሰ ኣበለ ኣጥሕል . . . እናበለ ብዋዝብሪ እዩ ዘዕልል። ብዝዕባ ዘውደ እንዘክሮ ዛንታ ብዙሕ እዩ። ኣብ እኽሊን ከብቱን ዘተኩረ ዛንታ ማለተይ እዩ። ኣብ'ቶም ኣዕሩኽ፡ ልዕሊ ኩላትና ንዘውደ ይዘንተወሉ። ካብ ምሳሕን ድራርን ሓሊፉ፡ ንኻልእ ዕላል ዝኸውን ግዜ ስለ ዘይብሮ ጥራይ እዩ ዘደንግጸኒ ዝበረ።

ኣየ!!! ኩሉ ዝሓለፈ መቸም ታሪኽ እዩ ዝበሃል፡ "ቂም፡ ቂም፡ ቂም. . ." እዚ ግዜ ዝበሉዎ፡ በዝጭሪም ክቐጽር ከለኹ፡ ታሪኽ እናገደፈ ዝሓልፍ ዘይመስል። ኣብ'ቲ በዝጭሪም ዝኾዶ ገዕዞ ክትቀዳደም ከለኻ እውን፡ ታሪኽ ዝውህለል ኩይኑ ዘይስመዓካ። ሕልፍ ዝበለ ኩሉ፡ ኑታ ናይ መወዳእታ ስጉምኻ ካልኣይቲ ስጉሚ ከይወሰኽካ ከለኻ "ታሪኽ" ተባሂሉ ይስመ። በቃ ዛንታ!! ሕንጥሸው ክሳብ እትብል፡ ማእለያ ዘይብሉ ፍጻመታት ናብ ታሪኽ ተቐይሮም፡ ንሽኻ ናብ ቅድሚት፡ ንሱ ናብ ድሕሪት፡ ምግስጋስ ይጅምር። ናይ ዘውደ፡ ናይ ዓንደ፡ ናይ ተኽሊ . . ናይ ኩሉ ፍጡር ታሪኽ፡ ኩሉ ዓይነት ታሪኽ ኩድም ኢሉ፡ ኣብ ድሕሪት ይተርፍ። መመለሱ ብታሪኽ እናተደፍአ ኩኑ ናብ ድሕሪት ይዕዝር። ዘለገሰ ዘሕዘነ ዘጣዕሰ . . . ግብሪ መዘኑብ ጥራይ ኩይኑ ይተርፍ። ቅድሚ ሓደ ካልኢት ዝዖንቀፈካ እምኒ ተመሊስካ ኣልዒልካ ቁስልኻ ክትሰርዝ ዘኾእል ታሪኽ።

ወዲ-ሰብ ብዘይካ "ግዜ ወርቂ'ዩ" ምባል፡ ካልእ ዋጋ ክህቦ ዘይምፍታኑ ወትሩ ኣሕርቕ እዩ ዘብለኒ። መን እዩ ኾኑን "ግዜ ወርቂ እዩ!" ምስ በለ፡ ገለ ከይወሰኸ ዘሰቀጠ። ምናልባት ንኑብሲ-ወከፍ ግዜ እናሰቐመ፡ ኣብ ማሕፉዳኡ ከም ዝጠራቐም ስለ ዝገበረ ደኾን ይኸውን ከምኡ ዝበለ? ንዓይን ከማይ ዝኣመስሉን ኣብ ግምት ስለ ዘጾለወና ኣይሓተተናን እምበር፡ ግዜ ወርቂ ጥራይ ከም ዘይኮነ ከም ዝሰቆሮ ምገርና። እቲ "ወርቂ" ዝብል ስም ተሰሊሙ ዘሎ ግዜ፡ ንገለኡ መደናገሪ፡ ንገለኡ ጥቕሚ ዘይብሉ ቁጽሪ ንገለኡ መእረጊ . . . ንገለኡ መደቀሲን መመገቢን ንገለኡ ድማ ወርቂ ወይ ኣልማዝ. . . ምዃኑ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ብዙሕ ግዜ ከምድር ኣይግዕኽን። ኣሃ! ግዜ ከኣ'ባ መመደሪ እውን'ዩ"

"ወዲ ሰብ ሓላፋይ'ዩ፡ ግናስ ነገር ታሪኽ ሰሪሑ ክሓልፍ ኣለዎ" ክበሃል ከሎ'ውን፡ ወዮ ደኣ ዝተፈጥረ ዘበለ ታሪኽ ዘለዎ ኩይኑ እምበር፡ ታሪኽ ካብ ምስራሕ፡ ከም ዘይነብርካ ምዃን ዝሕሸሉ እዋናት እናሃለዉ፡ ስለምንታይ እየም ታሪኽ ንኽትሰርሕ ዝደፋፍኡኻ እናበልኩ፡ ሕሰብ እሓድረሎም። "ግዜ ወርቂ እዩ'ሞ፡ ታሪኽ ስርሓሉ!" ጉዳም ምኽሪ። ብዘይታሪኽ ዝሓለፈ ኣበይ ምስ ሃለወ እዩ! 'ታሪኽ ስርሓሉ፡ ታሪኽ ጠፍጥፈሉ፡ ታሪኽ ሕደገሉ. . . እናበሉ፡ ካብ ርእስኻ ምውራድ ዝኣብዩኽስ እንታይ ዘይገበርካ እዮም? ዘውደ'ኳ ናይ ድቃሰን መግቢን ታሪኽ ሰሪሑ ሓሊፉ። ታሪኽ ክሰርሕ ኢሉ ክቅልስ ይትረፍ፡ ብዛዕባ ታሪኽ'ኳ ሓሲቡ ኣይፈልጥን።ዘውደ፡ብኽልተ መሓውሩ ይሰጉም፡ ኣድጊ ድማ ብኣርባዕተ መሓውሩ ይሰጉም። ክልቲኦቶም ደብልዑ፡ ይሃልሉ፡ ይድቅሱ፡ ብዓላ እንተ ዘይተኾብኩቦም ስራሕ ዝበሃል ኣይሓስቡዎምን። ይወልዱ ይዝምዱ። ሞት እንታይ ምዃና ከይፈለጡዋ ድማ ወሲዶቶም። ዘውደ ታሪኽ ገዲፉ እዩ ከይዱ። ታሪኽ ክገድፍ ከየበሉ ታሪኸኛ ኩይኑ ክሳብ ሕጂ ይዝረብሉ ኣሎ። ግን - ዘውደ፡ ታሪኽ ስለ ዝሓደገ፡ ነዛ ዓለም ኣሐጉሲዋ ማለት ድዩ?

ኣዶልፍ ሂትለር፡ ነቢሪ ታሪኽ ሰሪሑ እዩ ሓሊፉ። ታሪኽ ሂትለር ዘይፈልጥ ሰብ'ኳ፡ ንጨካንን ምሕረት ዘይፈልጥን ሰብ "ሂትለር" ኢሉ ዝጸረፍ! ኣሲቃቒ ጥፍኣት ሄሮሽማን ናጋሳኪን ካብ ገለኡ ጸቡቕ ታሪኽ ንላዕሊ ክዝከር ይነብር ኣሎ። እቲ ግዜ "ቂም፡ ቂም፡ ቂም. . ." እናበለ፡ ሰለስተ ዓይነት ታሪኽ ንድሕሪት እናተረፈ፡ ምምዝጋቡ ኣይተርፎን። ካብ'ዞም ሰለስተ ዓይነት ሰቡታሪኽ፡ ምስ መኒኦም ምዃን ከም ዝሓይሽ ምምራጽ ግና፡ ንወዲ-ሰብ ኣሸጊሩ ዘሎ ይመስል። ዘውደ ዓርክና ግና፡ እንተስ ብፍላጥ፡ እንተስ ብዘይፍላጥ፡ ንዕኡ ዝኾኖ መሪጹ እዩ። ነቶም ናብ ክልተ ኣንፈት ምስ ግዜ ዝቀዳደሙ ሰቡ ታሪኽ "እንዳለኹም" ኢሉ፡ በጥ እዩ ዝበለ። ዛንታኡ ወይ ንመሰሓቕ ወይ ድማ ንመሕለፊ ግዜ ደኣ ይኸውን እምበር፡ ንሱ - ኣይውዳስ ኣይኩነን። ኣብ ሰናይ ይኹን ዘይቅዱው ታሪኽ፡ ኣይምልእ ኣየጉድል። እዋን ንባዕሉ ክብል ይሓልፍ፡ ዘውደ ከኣ ንኸብልዕ ክብል ይነብር ነይሩ። እዞም ናይ ዘውደ ጉጅለ፡ ምርጫኦም ይሕጎሱ እዮም። ደቂ-ማሕበር ዘውደ፡ ከም ሰናይ ክረምቲን ሕሰር ዕዳጋን ገይሩ ዘለገሶም የለን። ናይ ወትሩ ጸሎቶም'ውን ናይ ጥርሑ መኣዲ ክፈጥረሎም ጥራይ እዩ። ዓለም ትጽፋሕ ትኽበዝ፡ ኣብ ጥቃኦም ዝነብር ሰብ ደሰራሕ ይደቅስ፡ ዓበይቲ ሓሳባት ይሰሰኑ ኣይሰሰኑ፡ ምህዞታት ደብርኩ፡ ኣይበርከቱ. . . ዕጅብ ዝበሎም ኣይኮነን። ኣይጥመዩ ኣይጸምኡ ጥራይ። ግጥም ዝበለ መኣዲ እንተ ፈጢሩሎም፡ ዓዲ ብዓዳ ኮኾብ ከይወድቃ እናተሸቖረረት ከሎ፡ ንሳቶም ግን፡ ምድሪ ክሳብ ትወድቕ እውን ዝሰምዑ ኣይኮኑን። እንሓንሳብ'ሲ፡ "ከም ናይ በዓል ዘውደ ዝኣመሰለ ኣእምሮ እንተ ዝህልወኒ" ዘይብል ኣይኮነን።


እቶም ሓደ፡ ታሪኽ ደኣ ሓዲጎም እምበር፡ ምስ ሰቡታሪኽ ክጽብጸቡ ዝገበሩዎም ኣይኮነን።መንገዶም ቅጥራን ብዘመስል ታሪኽ ዝተለበጠ እዩ። ንኑብሲ-ወከፍ ካልኢት፡ ብዝኾነ ይኹን ዋጋ ብዝረኸብዎ ጥቕሚ ደሸንኩዋ። ኣብ ግብሪ ሰናይ ናይ ሰባት ከጉላዕልዕ ክርእዩ ይትረፍ፡ ብርሑቕ እንተ ሰሚዖሞ እውን ድቃስ ኣይቀርቦምን። መሳኹቲ ሃገርን ረብሓን ከፍደዩ ምስ ግዜ ይቀዳደሙ። ኣብ ኑብሲ-ወከፍ ቂምታ ናይ ግዜ፡ ክፉእ እናተልተለ፡ ኣደራዕ ደቂ-ሰብ ይኾኑ። እዞም ከም'ዚኦቶም ዝኣመሰሉ ሰቡታሪኽ፡ ሓይሊ ኣብ ዝረኸቡሉ ኣጋጣሚ፡ ማዕረ-ማዕረ ሓይሎም፡ ዕንወት እናወረዱ ይኸዱ። ብዘውረዱዎ ዕንወት ዋላ ሓንቲ ጣዕሳ ኣይስመዖምን። ብሕርቃን ዘንድዶምን ዘጣዕሶምን ሃገር እንተ ሃልዩ፡ ኩሉ ክፉእ እናፈጸሙ፡ ድልየቶም ከይሰመረ ምስ ዝተርፍ ጥራይ እዩ። ንውድቀቶም ምኽንያት ዝኾነ ታሪኽም እንክደህሰሱ፡ እቲ ብጠለ ምኽንያት ዘንገያም ወይ ተዓንቂፎም ክፉእ ካብ ምዝራእ ዘብኮሉ ግዜ ጥራይ እዩ ጎሊሑ ዝረኣየም። "ዓኺ . . ኺ . . ." ይብሉ ዝያዳ ናይ ዕንወት ተግባር ብዘይምፍጻሞም። ቁሰሊ ወዲ-ሰብ ኩሓዊ እንተ ርእዮም፡ ብሕርቃን ቃልቃል ይብሉ። እቲ ከም ሰናይ ክረምት ኩይኑ ዝረኣየም ናይ ጥፍኣት ንፉስ ክሾብብ ከሎ፡ መንፈሶም ሓይሊ ይስመዖ። ንዘቕደሞም ሰቡ ብጡያ ክቕድምዎ ካብ ምፍታን፡ ሓንኩሎም ከውድቑዎ ይቐልሎምን ባህ ይብሎምን። ዘውደን ጉጅለኡን ምስ'ዘኣቶም የለዉ - ምስ'ቲኦቶም የለዉ! ካብ'ዞም ጉጅለ ኣርሒቖም ክሃድሙ እምበር፡ ክገጥሙዎም ድፍረት የብሎምን። ምኽንያቱ፡ እዞም ሰባት እዚኦቶም፡ ኣብ ከባቢኻ እንተ ሃልዮም፡ እቲ ብዓል ዘውደ ዘይፈትውዎ ነገር ኣሎ ማለት'ዩ። ምቁኽታኽ ዝገድፉ ኣይኮኑን። ኣብ ነገርም እንተ ኣቲኻ፡ ንዓኦቶም ዳርጋ መርዓ እዩ። ኣብ ልዕሊ ዝመከቶም ሰቡ ሕነ ንኽፈድዩ ሕፂን ኣብ ምባል ዘሕልፉዎ ግዜ መዳርግቲ የብሉን። ሃይማኖቶም ሰሰዐ ስለ ዝኾኑ፡ ሕድግት ምግባርን ይቕሬ ምባልን ኣብ ቤቶም የለን።

እቶም ሳልሳይ፡ ሰብ ሰናይ እዮም። ብማዕረ ተኻፊልካ ኣብ ምንባር ዕጋበት ዝሰመዖም ኩይኖም፡ ንጉዳእ ኑብሶም ወጺኦም፡ ንኻልኦት ከም ዝጥዕሞም ዝገብሩ እውን ኣለዉዎም። ካብ ሰናይን ሓቂን እልዩ ዝበለ ግብሪ ክፍጽሙ ኣይሓስቡን። ልዕሊ ዓቕሞም ወይ ኣመና ዝከድኦም ምትኹታኽ እንተ ዘይኣጋጠሙዎም፡ ካብ ነገር ተኣልዮም ክሓልፉ ይመርጹ። ታሪኾም እንክደህሰሱ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ኣብ ልዕሊ ሰባት በደል ኣውሪዶም እንተ ኾይኖም፡ ብጣዕሳ ሕምስ ይብሉ። ብሰናይ ተግባር ክኽሕሰዎ ድማ ይጽዕሩ። ብስራሖን ብኽእለትን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሑ ምስ ግዜ ይቀዳደሙ። ወዲ-ሰብ ዕብየት ክርኢ ከሎ፡ ባህ ይብሎም። ንሳቶም እውን ንሰናይ ዘሐይል ገለ ነገር ንኽወስኹ ተብዘብ ይብሉ። እዞም ሰቡታሪኽ፡ ብሰናይ ግብሮምን ኣበርክቶኦምን ምስ'ቶም ሰብ እኩይ ታሪኽ ብማዕረ እናተዘከሩ ይነብሩ። ርሑቕ ከይከድና'ኳ፡ ንስለ ሃገር፡ ንስለ ናጽነት፡ ንስለ ህዝቢ. . . ሂወቶም ንኽህቡ ዝፈቐዱ ኤርትራውያን ተቓለስቲ፡ ብሰናይ ናይ ተወፋይነት ግብሮም ክዝከሩ ከለዉ፡ ኣዶልፍ ሂትለር ድማ፡ በቲ ናይ ሰዕሪን ጭካነን ተግባሩ ዝዝከሮ ታሪኽ ገዲፉ እዩ ሓሊፉ። ዘውደን መሳልቱን ኣብ'ቶም ሰብ ሰናይ ግብሪን ሰናይ ታሪኽን ተጣቢቖም እዮም ኻይወት ዝሓልፉዋ። ካብ ሓርንጽንጽ ዝለዎ ናብራ ክቃልዑ፡ ኣብ መንቃዕ ክቖርቆሩ ይመርጹ።

ንስኻኸ ምስ ኣየኖት ኣለኻ? ኣብ ክፉእ ተሸማሚዕካ ዲኻ ምስ ግዜ ትቀዳደም፡ ወይስ ግዜኻ ኣብ ሰናይ ተሀልኽ? ወይ ድማ ከም ዘውደ፡ ኣብ'ዚ የለኻ ኣብቲ የለኻ?







## ልቦናን ፍልስፍናን

# ምስጢር ፍቕሪ

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል



ሻዱሻይ ክፋል

*"መንከም ዘድንቐካን ከም ዘፍቕረካን ንገረኒ፡ መን ምዃንካ ክነግረካ።" - ሰይንት ኤግዚበሪ*

*"ካብ ብዘይፈታር ልቢ - ብዘይርኡይ ዓይኒ፡ ብዘይሰምዐ እዝኒ ብዘይዛረብ ልሳንን ክብር እመርጽ።" - ርበርት ብዝን*

"ምስ ሓንቲ መሓዛይ ተኻቲዕና።"

"ብዛዕባ እንታይ?"

"መሓዛት ነይርካ ክትፋቐርዶ ይቐልል፡ ዋላስ ፍቑራት ኔርካ መሓዛት ክትከውን?"

"ንስኻ እንታይ ኢልካ?"

"ፍቑራት ነይርካ መሓዛት ክትከውን።"

"ኣነ ምስ መሓዛኻ እሰማማዕ።" ክውሰን ዋላ ሓንቲ ካልኢት ኣይወሰደኩን።

"ብኸመይ?"

"መሓዛት ነይርካ ፍቑራት ክትከውን እቲ ዝምድና ዕብየት ኣርእዩ'ሎ። ፍቑራት ነይርካ ናብ መሓዛት ምስ እተኸሰራትት፡ ዝምድናኻ ገለ መንቅብ ከም ዘጋጠሞ ምልክት'ዩ።"

ፍቕራዊ ዝምድና ብኽልተ ሽነኽ ፍሉይነት ኣለዎ። ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና፡ ኣብ ርእሲ ከምቲ ምስ ዓርኩ መሓዙኻ ዘለና ዓይነት ፍቕሪ፡ ጾታዊ ስምዒት ይስዕርረና።

ፍቕራዊ ዝምድና ካብ ዝምድና ዓርኩመሓዛ ዝፍለየሉ ካልእ ባህርይ እንተ'ልዩ፡ ቀዋሚ (permanent) ክኸውን ስለ ዘለዎ'ዩ። ካብ ዓርኩ መሓዙኻ ብቐሊሉ ብርሕቀት ቦታ ክንፈላለ ንኽእል ንኸውን። ምስ ኣፍቃርትና፡ ራሕቂ ቦታ ከይዓጠጠና ብዘየኾነ መንገዲ ክንራኸብ ቁሪጽና ንለዓል።

ፍቕርን ዓርኩምሕዝነትን ንሕብረተሰብ ዝያዳ የተኣሳስርዎ። ስምዒታዊ ሓገዝ ይህቡና። ካብ ጸቕጢ ይከላኸሉልና። ከም ወጽኢቱ፡ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ጥዕና ንረክብ።

ፍቕሪ ብዙሕ ሸነኹ ካብ ዓርኩ ምሕዝነት ይሕይል። ምእንቲ'ዚ፡ ንፍቕራዊ ዝምድና ዝያዳ ብዕቱብነት ንሕዞ፡ የግዳስ እቶም ሓያላት ዝምድና ፍቕሪ፡ ሰረም ኣብ ዓርኩምሕዝነት ዝሸኸሉ'የም። ዝተሓበነ ርጉእን ፍቕራዊ ዝምድና፡ ካብ ሓብራዊ ተገዳስነትን ክብርታትን ይነቅል። ዓርኩመሓዛ ኣብ ፍቕሪ ምስ ዝሰልበ፡ ኑቲ ዝበርም ቅርበት ዝያዳ ተምሳጥ ይወሰኽሉ።

ፍቕርን ዓርኩምሕዝነትን ኣብ ብዙሕ ሸነኻት ይመሳሰሉ። የግዳስ ኣብ ገለ ሸነኻት ፍቕሪ ካብ ዓርኩምሕዝነት ንላዕሊ ተመራጺን ተኣፋፍን'ዩ።

ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ኬት ደቪስን ማይክል ቶድን ኣብ ዝገበርዎ ምርምር፡ "ፍቕራዊ ዝምድና ዋላ ካብ ጥቡቕ ዓርኩምሕዝነት እተፈልየ'ዩ። ከመይሲ፡ ኣብ ፍቕሪ ዝያዳ ተምሳጥ፡ ፍሉይነት፡ ጾታዊ ባህጊ፡ ዓሚቝ ሓልዮት፡ ሓገዝን ካልኦት እወታዊ ስምዒትን ይንጸባረቑ። ብመንጽሩ፡ ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና ዝያዳ ጸቕጢ፡ ምውልዋል (ambivalence)፡ ግርጭትን ሓባራዊ ነቐፌታን ይርአዩ።" ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሖም።

ፍቕሪ ካብ ዓርኩምሕዝነት ንላዕሊ ብዕምቆትን ብሓይልን ይገዓዝ። ንፍቕሪ ማእለያ ዘይብሉ ወፍሪ ስለ እነፍስሰሉ፡ ብእኡ መጠን ማእለያ ዘይብሉም ሕልኽላኻት የጋንፍዎ። ዚ ኣጉዳሲ ዝምድና፡ ቅንኢ ሓዊሱ ዋርድያ ንወጽኣሉ።

ፍቕሪ ከም ዓርኩምሕዝነት ንባህታ፡ ሓብራዊ ምትሕግጋዝ፡ ምኽባር፡ ፍትውነት፡ ምውሕሓጥ፡ እምነት፡ ምርድዳእን ምስጢርካ ምዕቃብን ዝኣመሰሉ ባህርያት የጠቓልል። ኣብ ርእሱ'ውን ዝተፈለዩ ባህርያት ኣለውዎ። እቶም ፍሉያት ባህርያቱ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ይምደቡ፥

▯ ጥምሮ ተምሳጥ (The Passion Cluster)፦ ንሰለስተ ተመሳሰልቲ ባህርያት የጠቓልል። ንሳተን፡ ጾታዊ ባህግን ፍሉይነትን የጠቓልል።

ሰሓቢነት ብሓደ ሰብ ምምራኽ'ዩ። በቲ ሰብ ክትሓሰብ ምውዓል፡ ክትጥምቶ እንከለኻ ቀጨው ምባል፡ ክትዛረቦ ሚቕሚቕ ይብለካ፡ ኣብ ጐድኑ ክትከውን ዊን-ዊን ይብለካ ...።

ጾታዊ ባህጊ ክንብል እንከለና፡ ኑቲ ፍቑራት ንሓድሕዶም ናይ ምትንኻፍ ቃሕታ ንምግላጽ'ዩ። ከጾኡ ሰገርም፡ ፍቕሪ ከስተማቕሩ ይደልዩ። ብምኽንያት ሃይማኖት፡ ሞራልን ግብረውያን ምኽንያታትን ስጋዊ ርክብ ዘይክፍጽሙ ይኾኑ እዮም።

ፍሉይነት ክንብል እንከለና፡ ንመጻምድኻ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ቀዳምነት ምሃብ'ዩ። ኣብ ዝቐጸረካ ሰዓት፡ ንኻልኦት ቆጸራታት መመኽነይታ ፈጢርካ ብምስራዝ ጠኸ ምባል'ዩ።

▯ ጥምሮ ሓልዮት (The Caring Cluster)፦ ክልተ ክፋላት ኣለውዎ። እቲ ቀዳማይ ክፋል ንስለ መጻምድኻ ምሕላቕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ክፋል ንኸሉ ዘለካ ንመጻምድኻ ሓንኩኽካ ምልጋስ የጠቓልል።

ንስለ መጻምድኻ ምጥባቕ ወይ ምሕላቕ ክንብል እንከለና፡ ዋላ ኣብቲ ዝጸንከረ እዋን ንስለ ሓድሕድካ ምክልኻልን ምድግጋፍን ማለትና'ዩ። "ሰበይቲ ዘለኣኹዎ ሰብኣይ፡ ሞት ኣይፈርሕን'ዩ።" ክብሃል ሰሚዕና ኣለና። ሰብኣይ ዘለኣኻ ሰበይቲኸ ከመይ ኮን ትኸውን?

ኣብ ፍቕሪ ንዘርገቡ ሰባት፡ ጁባኻ ክፈትካ ምልጋስ ቀሊል'ዩ። ገለ ንስለ ፍቕሪ ርእሰ ማሰዋእቲ (self- sacrifice) ዝንብሩ ኣለው። "ሓድሽ ፍቕሪ መወድኢ እኽሊ!" ዝብልኣ በዓል ኣደይ ከመይ ንርእዮ?

ፍቕሪ ማለት ዓርኩምሕዝነት ተደሚሮ ገለ ጸቡቓት ባህርያት'ዩ። ብርግጽ፡ ኣብ መንነኦም ገለ ፍልልያትን ተመሳሰልነትን ኣለውዎም።

\# እወታዊ መዳይ ፍቕርን ዓርኩ ምሕዝነትን፦ ኣብ 'ጥምሮ ሓልዮት' ጥቡቓት ዓርኩመሓዛ ምስ ፍቑራትን ሰብ ሓዳርን ኣብ ብዙሕ መዳያት ተመሳሰልቲ'ዮም። ክሎም ምትእምማን፡ ምውሕሓጥ፡ ምኽባር፡ ምስጢርካ ምዕቃብ፡ ፍትውነት (spontaneity)፡ ምርድዳእ፡ ሓብራዊ ምትሕግጋዝ ከምኡ'ውን ዕግበትን ሓገዝን ካብቲ ዝምድና የንጸባርቑ።

ኣብ 'ጥምሮ ተምሳጥ' እንተ መጺእና ግን ዝያዳ ማራኽነትን ፍሉይነትን ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና ኣሎ - ካብ ኣብ ዓርኩ መሓዙ።

ኣብ 'ጥምሮ ሓልዮት' ሰብ ሓዳርን ፍቑራትን ካብ ብሉጻት ዓርኩመሓዛ ንላዕሊ፡ ዘለዎም ሓንኩኽም ክወሃቡ ፍቓደኛታት'የም። ንስለ ኣፍቃርቶም ወይ ሰብ ቃል ኪዳኖም ኣብ ምሕላቕ፡ ልዕሊ ዓርኩመሓዛ ጸብለል ይብሉ። የግዳስ ብሉጻት ዓርኩመሓዛ ካብ ሰብ ሓዳርን ፍቑራትን ንላዕሊ ርጉኣት'የም።

መጻምዲ ብፍላይ እቶም ቃል ኪዳን ዘይኣሰሩ ፍቑራት፡ ዝምድናኦም ክይብተኽ ምሓር ስክፍታ ኣለዎም። ሓንቲ ኣብ ሰሶታት ዕድመ ዝረገጸት ዘይተመርዓወት ጓለንስተይቲ ከም ዝበሎቶ፡ "ኣፍቃርቲ እንተ ኸዱ፡ ኣፍቃርቲ ይመጽኡ። ንዓይ ዝያዳ ትርጉም ዝህቡኒ ዓርኩመሓዛይ እዮም።"

ዓርኩመሓዛኻ ብፍላይ ኣፍቃርትኻ ምስ እትኸስር፡ ኣብ ዘይትጽምምካ ክትበጽሕ ትኽእል። እቶም ኣብ ሰንከፍ ህይወት ዝጸንሑ'ሞ ኹኡ ኣይግበሮ እምበር ክሳብ ርእሰቅትለት ክበጽሑ ይኽእሉ። ሽሕኳ ፍቕሪ ካብ ዓርኩምሕዝነት ዝሓየል እንተ'ኾነ፡ ክልቲኦም ዓይነት ዝምድናታት ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ እምብዛ ኣገደስቲ እዮም።

\# ኣሉታዊ መዳይ ፍቕርን ዓርኩ ምሕዝነትን፦ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ፍቕርን ዓርኩምሕዝነትን ኣብ ዕንወት፡ ጸቕጢ፡ ወናንነት (possessiveness)፡ ምውልዋል፡ ሓባራዊ ምንቅቃፍን ግርጭትን ዝተፈላለዩ ዓቕሚ እንተ'ልዩዎም ንምፍላጥ ብርክት ዝበሉ ምርምራት ኣካይዶም። ኣብ ፍቕሪ ሓያል ማራኽነትን ፍሉይነትን ስለ ዘሎ፡ ካብ ዓርኩምሕዝነት ንላዕሊ ዝያዳ ጸቕጢ ክፈጥር ክኢሉ'ዩ።

ሓደ ሰብ ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና እንተ ተሰሚሩ፡ ኑቶም ካልኦት መቓርብኡ ሸለል ክእዝዝሉም ይግደድ። በዓል ሓዳር ወይ ኣፍቃሪ ምዃኑ ኣብ እተካይዶም ንጥፈታት ምስ መጻምድኻ ምቑራን ማለት'ዩ። ምስ ካልኦት ሰባት ዋላ ዝምድናታት ይሃልዉኻ፡ ንመጻምድኻ ቀዳምነት ክትህብ ትቕሰብ። እዚ ሓያል ተወፋይነት ዝም ዘሰዕቡ ሕቶታት ከለዓዕል ይኽእል፥

▯ ንመጻምደይ ልዕሊ ዓቕን ደየ ዝህቦ/ባ ዘለኹ?

▯ ንዕኡ/ኣ ምውፋየይ ቅኑዕ ድዩ?

ኣብ መንነ ፍቑራት ዘሎ ዝምድና ኣመና ሓያል ስለ ዝኾነ፡ ተባራዕቲ ስምዒታትን ግርጭታትን ክለዓዓሉ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ብኻልእ ወገን ዓርኩ መሓዛ ካብ ሰብ ሓዳርን ፍቑራትን ንላዕሊ ንሓድሕዶም ይወሓሓጡ። ሰብ ሓዳርን ኣፍቃርትን ንሓድሕዶም ክለዋወጡ ዓቢ ባህጊ ኣለዎም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ካብ ንዓርኩ መሓዝኦም ንላዕሊ ንመጻምዶም ክነቕፉ ይህንደዱ።

\# ምሕዝነት ናብ ፍቕሪ ብርክት ዝበሉ ምርምራት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ምሕዝነት ድልዱል መሰረት ሓያል ፍቕራዊ ዝምድና'ዩ። ዝተሓበነ ርጉእን ዝምድና ዝፍጠር፡ ተጻመድቲ ሓብራዊ ተገዳስነትን ክብርታትን ምስ ዝህልዎም'ዩ። ፍቕሪ ብዓንዲ ርእሱ ንሱ እንደኣሉ።

ስጡም ምሕዝነት ብልክዕ መዓስ'ዩ ናብ ፍቕራዊ ዝምድና ዝሰጋገር? ሱዛን ሀንድሪክ ነዝም ዝሰዕቡ ነጥብታት ዘርዚራ ኣላ፥

^ ሃንደበት ናይ መሓዛኻ ፍሽኽታ ከምክኸካ እንከሎ።

^ ጸባቐ ኣካላት መሓዛኻ ከፍዝዘካ እንከሎ።

^ ምስ መሓዛኻ ቆጸራ ኣብ ዝህልወካ፡ ዝተፈልየ ጸባቐ ኣኩዳድና ምስ እትጅምር።

^ ምስ መሓዛኻ ኣብ እትቋጸረሉ፡ ፍሉይ ባህታ ምስ ዝፈጥረልካ።

^ ኣብ እትራኸቡሉ ዘይንቡር ፍርሒ ይወርረካ።

^ ኣብ ኣዘራርባኻ ዝተሓተ ፍትውነት (spontaneous) ክትጥቀም ትጅምር።

ጆሽ እተባህለ ምሩቕ ዩኒቨርሲቲ ምስታ መሓዝኡ ዝነበረት ጀሲካ ብኸመይ ናብ ፍቕሪ ከም ዝተሰጋገሩ ኣይርስዖን'ዩ፤ "ቅድሚ ፍቑራት ምዃንና ንነዊሕ ግዜ መሓዛት ብምንባርና እምብዛ ሕጉሳት'ዩ። ሓያል-ተምሳጥ (passion) ኣመና ጸቡቕ'ዩ። የግዳስ ንዝምድና ምሓር ዛሕዚሕ የብሎ። እቲ ሓያል-ተምሳጥ እንተ ተጸንቂቑ ኣብ ትሕቲኡ እንታይ ከም ዝተረፈ ኽንፈልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ። ምሕዝነት ግዱ ኣብ ጸቡቕ ይኹን ሕማቕ እዋን ቀጻሊ የብረቕርቕ።

"ንጀሲካ ብዓይኒ ጾታዊ ፍቕሪ እጥምታ ኣይነበርኩን። ኣብ ሓደ ኢፓርታማ ስለ እንቕመጥ ዝነበርና፡ ሕያወይቲ መሓዛ ኮይናትለይ። እንሓንሳእ ብዛዕባ ኣፍቃሪት እንተ'ልያትኒ ትሓትተኒ ነይራ። ሓደ መዓልቲ ሃንደበት ቀው ኢለ ጠሚተያ። 'ኣኣኣ ... ጀሲካ ኣፍቃሪተይ ክትከውን ኣለዋ!' ኢለ ደማ ሓሰብ።"


ሊቕ ስነ ልቦና ሮበርት ስተርንበርግ፡ "መሓዛት ኣብ ፍቕሪ ምስ ዝወድቁ ኑቲ ስምዒታዊ ጥብቁቕርበት (intimacy) ተባሂሉ ዝፍለጥ ምሕዝነት፡ ሓያል-ተምሳጥ ጥራይ እዩም ዝልቅበሉ።" ብምባል ይገልጽ።

እቲ ፈተነ ንገዛእ ርእሰኻ ብውሕጅ ፍቕሪ ክትውሰድ ምፍቃድ'ዩ። ሱዛን ሀንደረክ ግና፡ "ውልቀ ሰባት ዘይልሙድ ዝኾነ ስምዒት ክጥቀሙ ይግባእ። ነገራት ብዘሕምታ ከም ዝዓብዩ ክዝብሩ ኣለዎም። ምስ ገዛእ ርእሶምን ምስ መጻምድቶምን ቅኑዓት ክኾኑ ይግባእ። ኣተሓሳስባኦም ክፉት ክዝብርዎን ተዋዚዩቲ ክኾኑን ተመራጺ'ዩ። ከተፍቅር ቀሊል'ዩ። ክትዕቅቦ ግዱ ምሓር ከቢድ'ዩ።" ብምባል ምኽሪ ወሰ ተብለልና።

*"ፍቕሪ ንስለ ዕብየትካ ወይ ንስለ መንፈሳዊ ዕብየት ካልእ ሰብ ክትብል፡ ንገዛእ ርእሰኻ ክትመጥጥ ፍቓደኛ ምዃን'ዩ።" - ስኮት ፔክ*

*"ፍቕሪ ብኣና ዝሕዘዝ ስለ ዘይኮነ፡ ከም ዘፍቀርካ ክተምባል ከንቱ ጻዕሪ ኣይትግበር።" - ኣላን ዋትስ*

ይቕጽል



# ሰዋስው እንታይ እዩ፧

መምህር ተስፋይ ባርያጋብር




1 ሰዋስው ትግርኛ 1ይ መጽሓፍ ናይ ቃላት ሰዋስው ክሳብ ስሩዕ ረባሕ ኣባ ማቴዎስ ሓጎስ

## ቀዳማይ ክፋል

- ቋንቋ ኣገዳሲ ማእከል ህይወት ደቂ-ሰባት እዩ።
- ቋንቋ ጌና ዘይተዳህሰሰ ምስጢራት ዝሓዘ እዩ።
- ኩሉ ቋንቋታት ንተጠቀምቱ ምሉእ እዩ።

ቋንቋ እምበኣር፡ እቲ እንኮ፡ መብረዪ ዘይተረኸቦ፡ ንደቂ-ሰባት ዝተዓደለ ጸጋ እዩ። ደቂ-ሰባት ነዚ ትዕድልቲ'ዚ ተጠቒሞም ኣብ ሓድሕዶም እናተረዳድኡ፡ ሓሳባት እናተለዋወጡ፡ ናብዚ በጺሖም ዘለዉ ደረጃ ምዕባለ ክበጽሑ ክኢሎም። ቀዳማይ ዕማም ቋንቋ ኸኣ መሳርሒ ንርክብ እዩ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባ ቋንቋ ብስፍሓት ንምዝራብ ዝዓለመ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ኸኣ ቋንቋ እንታይ እዩ፧ ኢሉ ኣይሓተተን። እዚ ቀረብ ዘሎ ሕቶ፡ ንሓደ ንኡስ ኣካል ቋንቋ መብገሲ ወሲዱ ሕቶታት ዘልዕል እዩ። ቀንዲ ኣድህቡኡ ኸኣ ምስ ቋንቋ ኣደ ዝኸይድ እዩ።

መበገሲ

እዚ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ውልቃዊ ተበግሶን ሓሳባትን እዩ። ምስ ኣወሃህባ ትምህርቲ ተተሓሒዙ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ክዘውተር ኣለዎ ኢለ ንዝኣመንኩሉ ኣጸሓሕፋ ፈደላት ኣዘውቲረ ኣለኹ።

ተጠቒመሉም ዘለኹ ገለ ገለ ሲዖሚታት፦

ማለትኣት meaning

መሸከል stracture

ቅርጺ form

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ልሳናትን ተዛረብቱ የምን ዘእንገዱ ዘለዉ ንቋንቋ ትግርኛ ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ርእይቶታትን ይንበቡ ኣለዉ። እዚ ስራሕ'ዚ ዝጽላእ ኣይኮነን። ብዛዕባ ቋንቋ ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ ሰዋስው ናይ ፍሉይ ቋንቋ ኸኣ ብፍላይ ኣብ ዝዘረበሉ ግዜ ግን ክግልኡ ዘለዎም መዳያት ከም ዘለዉ ምዝኻር ኣድላዪ እዩ። ኣነ ብመጀመርታ ከም ተዛራቢ ናይቲ ቋንቋን ኣቡቲ ቋንቋ ዘለኒ ተገዳስነትን፡ ብኻልኣይ ደረጃ ኸኣ ኣብ ስራሕ ጽሕፈት'ውን ስለ ዝዋሳእ ብዛዕባ'ዚ ዝዘረበሉ ዘሎ ኣርእስቲ ገለ ክብል ተደሪኸ ኣለኹ። ብወገነይ ዝቐርብ ሓሳባት፡ ብመሰረቱ ምስ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተኣሳሰረ፡ ንቋንቋ ብጥምረትን ወሀደትን ኣብ ዘውታሪኡ ዘድህብ፡ ንምንጽጻልን ምትሕልላኽን ዘወግድ ኣንፈት ንምሃብ ዝዓለመ እዩ።

መጀመርታ፡ ሓደ ጉዳይ ክልዓል ከሎ፡ እንታይነቱ ወይ ማለትኡ ብንጹር ክትፈልጦን ከተነጽሮን ይግባእ። ምኽንያቱ ማለትኡ ከይተነጸረ ብዛዕባ ስርሑን ተግባራቱን ክትዛረብ ኣጸጋሚ ስለ ዝኸውን። እዚ ሕጂ ከም መዛረቢ ዝለዓል ዘሎ ሕቶ ኸኣ ብዛዕባ ሰዋስው ዝብል ኣምር እዩ።

እዚ ኣብ ዓምዲ ልሳናትን ተዛረብቱ የምን ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፋት፡ ከምቲ ዝበሃል ይሰከድ ስለ ዘሎ፡ ደረጃ ቋንቋ ትግርኛ ክብ ንምባል ዓቢ ኣበርክቶ ክህልዎ ከምዝኾነ እዩ ዝዘረበሉ። ከምኡ እንተኾይኑ ኸኣ ጽቡቕ እዩ። ብወገነይ ኣብ መንፈስ ኣቀራርብኡ ኾነ ትሕዝቱኡ ዕቃበታት እኳ እንተለኒ፡ ንግዚይኡ ንዕኡ ኣወንዚፈ ናብቲ ክዛረበሉ ደልየ ዘለኹ ፍልይ ዝበለ ጉዳይ ክሓልፍ መሪጸ ኣለኹ።

ጽሑፈይ ሰዋስው እንታይ እዩ፧ ንዝብል ሕቶ ባዕለይ ንምምላስ ዘይኮነስ፡ ኩልና እዞም ብዛዕባ ቋንቋ እንጽሕፍን እንትንትንን ዘለና ግዱሳት ዜጋታት ብዛዕባኡ እንጽሕፎን እንብሎን ህድእ ኢልና፡ መጀመርታ ብዛዕባቲ ነልዕሎ ጉዳይ፡ ንጹር መረዳእታ ክንሕዝ፡ ኑቲ ክንምሃር ንደልዮ ዘለና ኣካል ከኣ ንጹር ሓበሬታ ክንህብ ይግብኣና ንምባል እዩ። ብወገነይ፡ እቲ ሰዋስው ማለት ከምዚ ማለት እዩ፡ እናተባህለ ዝውሃብ ናይ ማለትኡ መብርሂ ንሓያለይ ግዜ ሕርኽርኽ ኩበለኒ ዝጸንሐ እዩ። መበገሲኡ ኸኣ ዋላ ክመሃሮ ከለኹ ተረዲኡኒ ኣሎ። ፈሊጠዮ ኣለኹ ኢለ ዓገበሉ ኣይፈልጥዎን እዩ። ክሳብ ሎሚ ኸኣ ኣብ ገሊኡ ከምቲ ዝተመሃርክዎ እናመሃርኩን እናጸሓፍኩን ኣብ ገሊኡ ኸኣ ተመጣጢሮታት ብምድላብ እናማሓየሸኹ ክሳለ ጸኒሐ። ሕጂ ግን ምዕባለ ምርምራዊ ስራሓት ቋንቋን ስነ-ቋንቋን ንድሕሪት ይገድፈና ስለ ዘሎ፡ ክንሓስበሉን ክንረዳዳኣሉን ኣለና ናብ ዝብል መደምደምታ ስለ ዝበጻሕኩ እየ ከም ሕቶ ኣልዒለ ንሕሰበሉ ዝብል ዘለኹ። ብዛዕባዚ ጉዳይ'ዚ ብዝተሓተ ደረጃ'ውን ይኹን ኣብ ምርድዳእ ክይተበጽሐ ኸኣ ኣድማዒ ውጽኢት ክህሉ እዩ ዝብል እምነት የብለይን። ኣብዚ፡ ብመጠኑ ናብ ናይ ሓባር ኣረኣእያ እንተተበጺሑ ግን ብዛዕባ ሰዋስው ይኹን ብዛዕባ'ዚ ዝጽሓፍን ዝዘረብን ዘሎ ዝበዝሐ ኣይስኣንን እዩ።

ክንሓስበሉ ክንበገስ ከለና ኸኣ፡ ኑቲ ክሳብ ሕጂ ብዝተፈላለዩ ጸሓፍቲ ንሰዋስው ተዋሂቡ ዘሎ መግለጺ ብምርኣይ ምጅማር ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ካብዚ ኹሉ ተዋሂቡ ዘሎ መግለጺታት ኣናይ ሒዝና ኢና ብዛዕባ ሰዋስው ንዛረብ ዘለና፧ ዝብል ሕቶ ክንምልሶ ዝግብኣና እዩ። ትርጉም ሰዋስው ብግእዝ ተነጊሩ ኣሎ። ብትግርኛ'ኸ ልክዕ ንሱ ማለት ደዩ፧ እስከ ኑቲ ዝቐደመን ዝድሓረን ዝውትሮ ዘለና ንመልከት፦

1 ሰዋስው ትግርኛ 1ይ መጽሓፍ ናይ ቃላት ሰዋስው ክሳብ ስሩዕ ረባሕታ

ኣባ ማቴዎስ ሓጎስ

ኣባ ማቴዎስ፡ ንሰዋስው ክገልጹ ኸለዉ፡ "ሰዋስው ዝበሃል፡ ብእሩም ኣዘራርባ ሓሳብካ ንምግላጽ ዜኽእል ትምህርቲ ኢዩ።" ድሕሪ ምባል፡ "ሰዋስው ብገፊሑ ናብ ክልተ ወገን ይኽፈል። 1ይ ናይ ቃል ሰዋስው (ንቓላት ጥራሕ እንኽትምልከት)። 2ይ ናይ ሓሳብ ሰዋስው (ንሓሳብ እንኽትምልከት)።" ብምባል ኣሰፊሮሞ ኣለዉ። ኢጋጣሚ ኢታ ናይ ሓሳብ ሰዋስው እቲ ምህር መጽሓፍ ክረኽብ ስለ ዘይከኣልኩ ኣይተወከስክዎን። እቲ ቀንዲ ሕቶ ብዛዕባ'ዛ ሰዋስው ትብል ኣምርን ማለትኣታን ስለ ዝኾነ ግን ዘሰክፍ የብሉን።

ሕቶ

ኣብዚ ናይ ቃል ሰዋስውን ናይ ሓሳብ ሰዋስውን ኢልካ ምክፍፋሉ፡ ክልተ ዓይነት ሰዋስው ከምዘሎዶ ኣየስምዕን፧

ክልተ ዓይነት ሰዋስው እንተሎ'ኸ ንሕና በየናይ ኢና እንዛረብ ዘለና፧ ናይ ቃል ሰዋስውዶ ናይ ሓሳብ ሰዋስው፧

2 ሰዋስው ትግርኛ

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ

ሰዋስው ማለት እንታይ ማለት እዩ? ዝብል ሕቶ ድሕሪ ምቕራብ፡ "ብቐጥዕ ኣነጋግራ ሓሳብካ ምግላጽ ዘምህር ፍልጠት ማለት እዩ።" ድሕሪ ምባል፡ ቀጺሎም "ሰዋስው ብዛዕባ ምንታይ ይናገር? ኢሎም ብምሕታት ብዛዕባ ጽሕፈትን ቃላትን ይናገር። ቃላት ከኣ ነንበይኑ እናተዘርዘረን ነንሓድሕዱ እናተዋደደን ብሰዋስው ተሰሪዑ ይምደብ" ይብሉ። ኣባ ኣጎስጢኖስ፡ ካልእ ሰፍሐ ዝበለ መግለጺ'ውን ሂቦም ኣለዉ። ንጽሕፈትን ቃላትን ዘረባን መግለጺታት ሂቦሙሉ ኣለዉ። እቲ ሕቶ ግን ነታ ሰዋስው ትብል ኣምር ተዋሂብዋ ዘሎ ማለትኣት ምስቲ ተዋሂቡ ዘሎ ሰፊሕ ትምህርቲ የሳኒዶ፧

ሕቶ

ጽሕፈትን ቃላትን ብምንታይ ይፈላለዩ፧

ብዛዕባ ጽሕፈት ክንገር ከሎ እንታይ ይብል፤ ብዛዕባ ቃላትከ፧ ብዛዕባ ዘረባኸ፧

ንሕናኸ ብዛዕባ ቃላት ዲና ንዛረብ ዘለና ብዛዕባ ጽሕፈት፧ ወይ ብዛዕባ ዘረባ፧




2 ሰዋስው ትግርኛ
ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ

## ሓበሬታ

ኣብዘን ዝቕጽላ ዓምዲታት፡ እዘን ዝስዕባ ትሕዝቶታት ክእንገዳ እየን፦

1. መምህር ተስፋይ ባርያጋብር፡ ዝለኣኹዎ 'ሰዋስው እንታይ እዩ፧' ዘርእስቱ ጽሑፍ፡ ካልኣይ ክፋሉ፡
2. ኢንጂነር ተስፋማርያም ቦኸረጽዮን፡ 'ዝምጋም መጽሓፍ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝለኣኹዎ ጽሑፍ፡
3. ብኣቶ ፍስሃየ ኪዳነ (ወዲ ፖሊስ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ) እተዳለወ 'ብደሆታት ቋንቋ ትግርኛ'፡ ዘርእስቱ ሓተታ፡
4. መምህር ሳሙኤል ዓንደማርያም፡ ካብ ኲዶ ኣበዑር ዝለኣኹዎ፡ 'ተራን ኣገዳስነትን ቋንቋ ኣደ ኣብ ምዕባለ' ዘርእስቱ ትሕዝቶ፡
5.ብመራ/ሄናክ ገብረሚካኤል እተዳለወ፡ 'ቋንቋ ትግርኛ ኣይተሓናፈጸ፧' ዘርእስቱ ርእይቶ፡
6. ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ክዘውተሩ ዘይግብኦምን ዝግብኦምን ቃላት፡ ካብ መጽሓፍ 'ቃላት ትግርኛ ኣብ ስራሕ፤' ብየማነብርሃን ግርማጼን፡
7. 'ንሓደ ደሃይ ሓደ ወቕልና፧' ዝሕመረቱ ኣረኣእያ፡
8. 'ሕቶታ፡ ኣብ ቋንቋ፡ ኣድማሳዊ ጣቋ፧' ዝትሕዝቶኡ ዓንቀጽ፡
9. 'ካእባዊ ሳድስ ደለለ'ባ ሕጃሱ' ዘርእስቱ ቀምጋር።

# ንእፍልጠ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣምራት ስነ-ፍልጠት

### ዕንክሊል

ወዲ-ሰብ ካብ ኩሉ ህይወታዊ ናይዛ ዓለም ፍልይ ዝበለ ፍጥረት ምዃኑ እንተ ሓሲብካዮ ኣገዳሲ እዩ ዘደንቕ። ካብቶም ኩሎም እንፈልጦም እንስሳታት ክንዲዚ በሊሑ ክፍለ ምዃኑ ክንግንዘቦ ምስ ጀመርና ዘየደንቕ ኣይኮነን። ንሚልዮናት ዓመታት መልክዕና እናቐየርና ምጽናሕና ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ 7 ቢልዮን ዝበጽሕና ኣብዛ ፕላኔት ክንህሉ ምኽኣልናውን ተወሳኺ ዘደንቕዩ። እሞ ኸኣ መከላኸሊን ጸምሪን ዘይብልና፡ ናብ ባእታት ዝተቓላዕና፡ ብዘይ ስሩዕ መግቢን ማይን ክንጸንሕ ዘይንኽእል፡ ብታህዋሲያን ኣዚና ተጣቀፍቲ፡ ንእሽቶይ ኣካላዊ ጥንካረ ዘይብልና ክነስና ክንነግስ ምኽኣልና ዘደንቕዩ።

መሬት ወጊሑ ካብ ዓራትና ክንትንስእ እንከለና ብዘዕባ ኩነታት ኣየርን ካልእን ኣይንጭነቕን ኢና። ከም እንነብር ንጠራጠረሉ ምኽንያት ኣብ ዘይብልና ርእሱምትእምማን በጺሕና ንርከብ። እዚ ውጽኢት እዚ ናይ ኣሽሓት ዘበናት ጉዕዞ ወዲ ሰብ እዩ። ነዚ ኩሉ ክንበጽሕ ዘኽኣለና ከኣ ኣገዳሲ ምዕቡል ሓንጎል ስለ ዘሎና እዩ። ሰብ ሓንጎል ስለ ዘሎዎ ኣይኮነን ኣብዚ ምድሪ ነጊሱ ዘሎ። እቲ መንቋሕቋሒታ ሓንጎሉ፡ ብጉብረ ናይ ምፍታን ኣኻእሎ ኣሎዎ። ንሓስብ፡ ንሓልም፡ ንምኑ ክኸውንልና ከኣ ንጽዕር። ኣብዚ መስርሕ ዝገጥመና ብድሆታት ከኣ መፍትሒኡ ፍሒርና ንረኽቦ። በብግዜኡም ንዓለም ዝቐየሩ ዝተፈላለዩ ምህዞታትን ርኽበታትን ኣለው። ዕንክሊል ሓደ ካብቶም ብዘይ ብእኡ ብህይወት ክንነብር ዘኸእሉና ምህዞ ኣእምሮ ወዲ-ሰብ እዩ።


ዕንክሊል ወይ መንኰርኰር

"ደጊም ዕንክሊል ምፍጣር ኣየድልንዩ" ዝብል መግለጺ ኣቐዲምና ሰሚዕና ንኸውን ኢና። ብዓንኬላዊ ቅርጺ ዘሎዎ ነገር ዝዕመም ዝተፈላለየ ስርሓት ንዋዊሕ እዋን ብደሆ ኩይኑ ጸኒሑ እዩ። እዚ ሽግር ደጊም ተፈቲሑዩ ንምባል ከኣዮም ገለ ፈላጣት፡ "ደጊም ዕንክሊል ምምሃዝ ኣየድልንዩ" ዝበሉ። ምህዞ ዕንክሊል ብብዙሕ መገዲታት ንህይወት ደቂ-ሰብ ለዊጡ እዩ። ወዲ-ሰብ ብዘይ እዚ ምህዞ ንኽንደይ እዋን ክነብር ምኽኣለ ነይሩ? እቶም ብዓንኬላዊ ምንቅስቓስ ዝካየዱ ንጥፈታት ሰብ፡ መውዳእታ የብሎምን። ኣብ ጉዳና ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ክንምልከት ንኽእል ኢና።

ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ እታ ናይ መጀመርታ ዕንክሊል መዓስ ከም ዝተማህዘት ይካትዕላ እዮም። እቲ ዝገደመ ጭብጢ ግን ኣብ ሞሶፖታምያ (ናይ ለሚ ኢራቕ) ዝተረኽበ ቅርሲዩ። እዚ ቅርሲ ንመስርሒ ካይላ ዘገልግል ዝነበረ ዕንክሊል እዩ። እቶም ብስልጣኖ ሰጉሞም ዝነበሩ ሞሶፖታምያውያን ዕንክሊል ንመጓዓዝኢ ከም ዝጠቕም ንኽርድኡ 300 ዓመታትዩ ወሲዱሎም። ቅድሚ 300 ዓመት ኣብ ምስራሕ ካይላ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ኣምር ዕንክሊል ንምንቅስቓስ ክጥቀምሉ በቒዖም። ኣብ ከባቢ 2000 ዓመት ምህረት ቅ.ል.ክ. ጥንታውያን ግብጻውያን ብዕንክሊል ዝጓዓዝ ሰረገላ ከም ዝሰርሑ መዛግብቲ ስነ-ጥንቲ ይገልጹ።

ዕንክሊል ኣገዳሲ መካኒካዊ ምህዞ ናይ ኩሉ ግዜዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ነዚ ኣምር ዕንክሊል ዝጥቀም መካኒካዊ መሳርሒታት ብዙሕ እዩ። ከም ብሽክሊታ፡ መኪና፡ ናይ ፋብሪካ ማሽናት፡ ባምቡላ፡ ሰዓት፡ ሲዲ ፕለየር፡ መጥሓኒ መሳርሒታት፡ ወዘተ. ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ነዚ ምህዞ ኣብዚ 5000 ዓመታት ዕድመ ወዲ-ሰብ ዝነበርናን ዘለናን ገና ነመስግኖ ኣለና።

(ምንጪ፡ ThinkQuest + Gambino)




## ግድል ስትሪምክ

ኣገባብ ኣጸዋውታኡ፤ ኣብዛ ትርእዩዋ ሰደቓ፡ 6ተ ብ6ተ ዝተሰርዓ ዓንኬላት ኣለዋ። እዘን ዓንኬላ ቍጽሪታት እየን ዝሕዛ። ካብ 1 ክሳብ 6 ድማ ይምልኣ። ካብ 1 ክሳብ 6 ዘለው ቍጽሪታት ንትኸሉን ንጋደምን ልክዕ ከም ሰዱኮ ክድገሙ የብሎምን። ኣብቶም ብመስመር ተራኺቦም ዘለው ዓንኬላትውን ክድገም የብሉን።

(መልሲ፡ ካብ 1 ክሳብ 6 ዘለው ቍጽሪታት ንትኸሉ፡ ንጋደምን ብሕንጻጽ ተታሒዞምን ኣብ ዝርከቡ ዓንኬላት ክድገሙ የብሎምን።)

ብርቱዕ!



## ፊዚክስ

### ዓይነታት ዋሕዚ ኤለክትሪክ

"ኤለክትሪክሲቲ" ከም ሓደ ግሉን መናበሪና ኣምር ካብ ዝኸውን ዘመናት ኩይኑ ኣሎ። ንኤለክትሪክሲቲ ዘይፈልጥ ዘይግልገል ከኣ ዳርጋ ኣይህሉን እዩ። ኤለክትሪክሲቲ ወይ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ኣብ ሓደ መተሓላለፊ ኣካል (ኤለክትሪክሲቲ ከምሓላልፍ ዝኽእል ነገር) ዝግበር ምንቅስቓስ ኤለክትሮናት እዩ። እዚ ምንቅስቓስ ኤለክትሮናት ከኣ ብኽልተ መገዲ ይፍጸም። ብተቐያያሪን ዘይተቐያያሪን መልክዑት ይፍጸም። እዚ ክልተ መገዲታት ኤለክትሮናት ብዝውሕዘሉ ኣንፈት ይፈላለ።



#### ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC)

ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣብ ሓደ ኣንፈት ጥራይዩ ዝውሕዝ። በዚ መስርሕ ዝጓዓዙ ኤለክትሮናት ብሓደ ኣንፈት ንቕድሚት ጥራይ ይንቀሳቐሱ። ኣብዚ ኣገባብ (DC)፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ (ቮልቴጅ) ንነውሕ ዝበለ ርሕቀት ክጓዓዝ ኣይክእልን እዩ። እንተ ተጓዒዙ ከኣ ዝነበሮ ጸዓትዩ ዘጥፍእ።

- ኣብቲ ገመድ ቀዋሚ ማግኔታዊ ባህሪ ኣሎ

- ድግምጋም (ፍሪኬንሲ) የለን፣ f=0

- ቀዋሚ ዓቕን ዘለዎ ዋሕዚ ኤለክትሪክ

- ካብ ባተሪን ሶላር ሰልን ክንረኽቦ ንኽእል

- ኣብ ሰጥ ዝበለ መስመር ወይ ፓልስ ይጓዓዝ

#### ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ

ኣብ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ኤለክትሮናት ኣንፈት እናቐያየሩዮም ዝጓዕዙ። እናሓንሳእ ንቕድሚት እናሓንሳእ ከኣ ንድሕሪት እናተንቀሳቐሱ ይውሕዙ። በዚ ኣገባብ ዝምሓላለፍ ኤለክትሪክሲቲ ንነዊሕ ርሕቀት ክጓዓዝ ይኽእል። ብዓቢኡ ከኣ እኹል ፓወር ክርከቦ ይክኣል።

- ኣብቲ ገመድ ዝዘውር ማግኔታዊ ባህሪ ኣሎ

- ኣብዚ ዝርከብ ድግምጋም (ፍሪኬንሲ) 50 ወይ 60 ሀርዝ ኣለዎ

- ዓቕን ምስ ግዜ ዝቀያየር ዋሕዚ ኤለክትሪክዩ


- ካብ ጀነረተር ይምንጩ

- ብማዕበላዊ ምንቅስቓስ ይጓዓዝ

***

እዞም ክልተ ኤለክትሪክሲቲ ዝጓዓዙሎም መገዲታት ብ1880ታት ኣትሒዞ ኣብ ዓቢ ህልኽ ነበረ። እቲ ህልኽ ኣብ መንጎ ኣብ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝመራመር ዝነበረ ቶማስ ኣልባ ኤዲሰንን ኣብ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣቶኲሩ መጽናዕቲ ዘሰላስል ዝነበረ ኒካላ ተስላን ነበረ።

### ስለምንታይ ንደክም?



ይደክም፣ ድኻም ይስምዓና። ከነዕርፍ ወይ ክንድቅስ እንከለና ጭዋዳታትና ይዛነዩ እሞ ጻዕቂ ሳርኮል ኣሲድ ካብ ደምናን ጭዋዳታትና ይጠፍእ። ሓደሽቲ ወሃዮታት ይፍጠሩ። ደም ይጸሪን መላግቦታትና ይለምጽን። ሽዑ ንሕደስን ሓይሊ ይስምዓናን። ብተወሳኺ፡ ናይ ድኻም በረዝቲ ቀመማት ኣለው። እዚኦም'ውን ኣብ ግዜ ስራሕ እዮም ዝፍጠሩ። እዞም በረዝቲ ቀመማት ኣብ ደም ተጻዊኖም ኣብ ኩሉ ኣካልና ይንዝሑ'ሞ፡ ሓንጎልና ከይተረፈ ይደክም።

ሓደ ስራሕ ክንሰርሕ እንከለና ጭዋዳታትና ይሰርሑ እዮም። ጭዋዳታት ክሰርሑ እንከለው ሳርኮል ዝተባህለ ኣሲድ ይፍጠር። እዚ ኣሲድ እዚ ከኣ ኣብ ደምና ይህሉ። ብብዝሒ ስራሕ ክንሃልኽ እንከለና፡ እዚ ኣሲድ ብብዝሒ ይፍጠር'ሞ ጭዋዳታትና ከኣ

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

**"ኣብ ስነ-ፍልጠት፡ እቲ መጀመርታ ሓሳብ ዝፈጠረ ዘይኮነ፡ እቲ ንዓለም ዘእመነ እዩ ክብሪን ኣፍልጦን ዝረክብ።"** - ሰር ዊልያም ኦስለር (1849-1919 - ፈላጥ ሕክምና)

## ዳእላ ተማሃሮ

A teacher of the earth science class was lecturing on map reading.

After explaining about latitude, longitude, degrees and minutes the teacher asked, "Suppose I asked you to meet me for lunch at 23 degrees, 4 minutes north latitude and 45 degrees, 15 minutes east longitude…?"

After a confused silence, a voice volunteered, "I guess you'd be eating alone."

ሚሪ ማና

## ስም መዐቀኒ

### ማይክል ፈራዳይ (1791-1867)

እንግሊዛዊ፡ ፋራዳይ ንጀነረተር፡ ሞተርን ትራንስፎርመርን ዝመሃዘ ህቡብ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ቻርጅ ዝዓቍር መሳርሒ "ካፓሲተር" ድሕሪ ምምሃዙ፡ ንመሰረታዊ ኣሃዱ ኤለክትሪክሲቲ ናይ ምዕቃብ ዓቕሚ "ካፓሲታንስ" ብስሙ ክኸውን ተወሲኑ። መሰረታዊ ዓቐን ካፓሲታንስ ከኣ ፋረድ (F) እዩ።





# ዙር ኤርትራ 2016

















# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com


ዮናታን ኣብ መኸተሚ ሕንጻጽ


ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ተስፋም



ጋውሎ ሉናርዶን

# ዮናታን ሃይሉ ብጫ ማልያ ወሲዱ

## * ሩዋንዳ ብጋንታ ክትመርሕ ጀሚራ



ስእሊ ዙር ኤርትራ 2016
ብምሕረትኣብ ገብረሚካኤል

ዚያዳ ኣብ ሸኻ ዙለኩር ዮናታን ኣቐዲሙ ብዝቐየደ መጥቃዕቲ ብጫ ማልያ ክውንን ክኢሉ ኣሎ።

### መድረኽ

ትማሊ ካብ ባረንቱ ተበጊሱ ኣብ ተሰነይ ኣብ ዝተዛዘመ ቀዳማይ መድረኽ ዙር ኤርትራ 2016፡ ብዓወት ተቐዳዳማይ ክለብ ሳሊና ዮናታን ሃይሉ ተዛዚሙ።

ኣብቲ 112 ኪሎሜተር ዝሸፈነን ኣብ ሌጣ ጎልጎል ዝተኻየደን ውድድር፡ ዮናታን ውድድር ንኸፍጽም ሓደት ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ብዝቐየዶ መጥቃዕቲ እዩ ቀዲሙ ኣብ መኸተሚ ሕንጻጽ ክበጽሕ ዝኸኣለ። ድሕሪ ሓደት ካልኢት ኣብ መኸተሚ ሕንጻጽ ካብ ዝበጽሓት ጉጅለ ድማ፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣሞረ ቪታ - ሉናርዶን ጋውሎ ብዘሐኣድ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ብቕዓት ንመውዳድርቲ በሊጹ ካልኣይ ኮይኑ።

***

### ውዕሎ ናይቲ ረፋድ ዝተጀመረ ውድድር

ብቕድሚ ትማሊ ከተማ ከረን ዘዕረፉ ተሳተፍቲ ውድድር ዙር ኤርትራ፥ ትማሊ ወጋሕታ እቶም ናብ ባረንቱ ብመኪና ብዮንርጉፍ ተጓዒዞም። ሰዓት 8:30 ቅድሚ ቐትሪ ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝበጽሑ እቶም ተቐዳደምቲ፡ ከባቢ 9፡15 ኮይኑ ውድድሮ ዝጀምሩ ንሳዕስዒት ያታዊት ጉጅለ ዞባ ጋሽ ባርካ እያ ተዘናግዮ - ብዘበርቲ ከተማ ባረንቱ እውን ድሙቕ ናይ ምፍናው ስነስርዓት ተኻየደሎም።

ከም ናይ ዝሓለፈ ውድድራት፡ ተቐዳደምቲ ካብ መጀመርታ ናይቲ ውድድር እዮም ብልዑል ናህሪ ንውድድሮም ዝጀመሩ። በቲ ቀዳማይ ናህሪ ድማ ሱዳናውያን ተቐዳደምቲ ግዳያት ኮይኖም። እቲ ጥምጥም ድማ ኣብ መንጎ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፥ ሳሊና፡ ጽንዓት፡ ኣሞረቪታ፡ ምስሪን ባይክ ኢደይን ኮይኑ።

ተደራራቢ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ስጉምቲ ንኤልያስ ኣፈወርቂ - ኤርትራ፥ ሚኪኤል ኣብርሃም - ሳሊና፡ ያን ክላውድ ዊዘል - ሩዋንዳ ዝርከብዋ ጉጅለ ተመስሪቶ። እታ ጉጅለ ግና ብእዋኑ ዝሃደመት እኳ እንተነበረት፡ ነታ ዓባይ ጉጅለ ግና ድቃስ ዝሃበት ኣይነበረትን። ዓባይ ጉጅለ ብተቐዳደምቲ ኣሞረ ቪታ እናተቐለሰ ነታ ዝሃደመት ጉጅለ ንምህዳን ኣብ ጸዑቕ ስራሕ ተዋፊሩ። ኣብቲ ህሞት ድማ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መሓሪ ተስፋጼን ብሸክሊታ ኣበሳሽዩ ተረፈ።

ተቐዳደምቲ ኣሞረ ቪታ ብኣባሎም ፍረደሪክ ቮልደማር እናተቐለሱ ነቲ ጸወታ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ኣእተውዎ። ኣብዚ ከነታት እዚ እዮም ምስራውያን እውን ልዑል ነበረ። በዚ ድማ ዓባይ ጉጅለ ነቶም ዝሃደሙ ኣርባዕተ ተቐዳደምቲ ወሓጠታ።

ዓባይ ጉጅለ ቀዳማይ ተርጋእ ድሕሪ ምውቅዑ ካብ ድሕሪት ሓያል ማዕበል ገጠማ። እቲ ፍጻመ ንኸም ኤልያስ ኣፈወርቂ፡ ሚልዮን ኣማኑኤል (ክልቲኦም ካብ ኤርትራ)፥ ሚኪኤል ሃብቶም - ሳሊና፥ ዘመንፈስ ሰለሙን - ጽንዓት፥ ሚሮን ኣማኑኤል - ባይክ ኢደን የሴፍ ኣረሩያ - ሩዋንዳን እትርከቦም ጉጅለ ክትቕውም ኣኽኣለ። እዛ ጉጅለ ድሕሪ ዝቐየደቶ ምብርራይ፡ ምስ ዓባይ ጉጅለ ዘለዋ ጋግ ክሰፍሕ ተራእየ። ኣብ 33 ኪሎሜተር ኣብ ሻና ዝተሰርዐ ናይ ነጥቢ ውድድር ድማ ኣርከበ።

ሩዋንዳዊ የሴፍ ቀዳማይ ኮይኑ ክዕወት እንከሎ፡ ሚኪኤል ሃብቶምን ሚሮን ኣማኑኤልን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ኮይኖም ነጥቢ ኣመዝገቡ።

ካብ ዓባይ ጉጅለ፡ ኣማኑኤል መንግስን ዘመንፈስ ሰለሙንን ብሸክሊታ ኣበሳሽዮም ክተርፉ እኳ እንተተራእዩ፡ ግዜ ከይወሰዱ እዮም ናብ ዓባይ ጉጅለ ዝኣተዉ። ዓባይ ጉጅለ ብምስራውያን ተቐዳደምቲ እናተቐለሰት ትሕምብብ። መራሒት ጉጅለ እውን ከም ዓቕሚ ኣበሲታ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ መንጎ መራሒትን ዓባይ ጉጅለን ዝተኻጽረ ጋግ ክሳብ ደቓይቕን ፈረቓን ነበረ። ሃንደበት ድማ ዓባይ ጉጅለ ናህራ ክንክይ ተሰተውዓለ። ኣብዚ ህሞት ድማ እዩ ዘመንፈስ ሰለሙን ካብታ ድቕስቲ ጉጅለ ክሃደም ዝፈተነ - ምስራውያን ግና ክገድፍዎ ኣይመረጹን።

ዓባይ ጉጅለ ኣብ ዝተጠርነፈትሉ፥ ጋውሎ ሉናርዶን ናይ ኣሞረ ቪታ ከምኡ እውን ሩዋንዳዊ ያን ክላውድን ተተሓሒዞም ሃደሙ። ዓባይ ጉጅለ ቅጽበታዊ ናይ ምምላስ ፈተነ ከተካይድ እኳ እንተፈተነት፡ ዝከኣለ ኣይነበሩን። ጋግ ኣንጸፉ - ካልኣይቲ ጉጅለ እውን መስረተ። ምስ ግዜ ግና እቲ ጋግ ጸበበ። ናብ ባዶ እውን ወረደ።

ተቐዳደምቲ 66.5 ኪሎሜተር ምስ ተጓዕዙ ኣብ ሃይኮታ ዝተሰርዐ ካልኣይ ናይ ነጥቢ ውድድር እዩ ተጻብዮምም። ኣሮን ደብረጼን - ኤርትራ፥ ያን ክላውድ - ሩዋንዳ፥ መሓሙድ መሓመድ ዓሊ - ምስሪ ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኖም ኣብ ነጥቢ ኣተዉ።

ኣለቡ ንምብጻሕ ኣብ ዝተኻየደ ጉዕዞ ተቐዳደምቲ ብንፋስ ክዕገቱ እዮም ተራእዮም። በዚ ድማ ናህርም ነኪዩ። ነቲ ፍጻመ ድማ ተቐዳደምቲ ባይክ ኢደይ ክምዝምዝዎ እኳ እንተፈተኑ፥ ኪንዮ ንተቐዳደምቲ ተር ምባል ጉጅለ ብምምስራት ንመራሒት ጉጅለ ክውሕጡ ኣይተራእዩን። ኣብቲ ህሞት ዝተኻጽረ ጋግ ክሳብ 45 ካልኢት ነበረ።

ኣብ ከባቢ ኣለቡ፡ ቆማት ተቐዳዳማይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣሮን ደብረጼን መጥቃዕቲ ፈጸመ። ዓባይ ጉጅለ ነቲ ፍጻመ ብኣንክሮ ትዕዘቦ እንክትመስል፡ ንዝተኻየደላ መጥቃዕቲ ዕሽሽ በለቶ። ኣሮን ጋለበ።

### ዝተረፈ 25 ኪሎሜተር፡ እቲ ወሳኒ ርሕቀት

ውድድር ንኽፍጸም ኣስታት 25 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ፡ ኣብ ዓባይ ጉጅለ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ተራእየ። ብፍላይ ተቐዳደምቲ ክለብ ኣሞረ ቪታን ሩዋንዳውያንን ሃንደስቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ነበሩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣዚያ ወሳኒት ጉጅለ ተፈጥረት። እታ ጉጅለ ንሚልዮን ኣማኑኤል፡ ተስፋይ ምሕረትኣብ፡ ዮናታን ሃይሉ፥ መርሃዊ ኳይትኦም፡ ኢድሓኖም ዘሚካኤል፡ ጋውሎ ሉናርዶን፡ ሚሮን ኣማኑኤል፡ ኣማኑኤል መንግስ፡ ካምራ ሄክዚማኑ ሳሙኤል መጊሸ፡ ጆሴፍ ኣረሩያ (ሰለስቲኦም ካብ ሩዋንዳ እዮም) ዝሓዘት ነበረት። እዛ ጉጅለ ንኽትፍንጨል ኣብ ዝተኻየደ መስርሕ፡ ምስ ኣሮን ንዘበረ ጋግ ብመጠኑ ክጸብብ ኣኽኢሉ እዩ። ብናይ ቀረባ ፍልልይ ንኣሮን ንምህዳን ኣብ ዝተኻየደ ጉዕዞ ድማ ኢድሓኖም ዘሚካኤልን የሴፍ ኣረሩያን ካብታ ካልኣይቲ ጉጅለ ሃደሙ። ዘቐደድዎ ፈተነ ግን ኣሲጋኢ ብምንባሩ ቢታ እግሪ እግሮም ዝበረት ጉጅለ ግዜ ከይወሰዱ ተዋሒጦም።

ውድድር ንኽፍጸም ኣስታት 10 ኪሎ ሜተር ምስ ተረፎ፡ ዮናታን ሃይሉ በርቃዊ መጥቃዕቲ ኣካየደ። ዳሕረወይቲ ጉጅለ ድማ ንሓድሕዳ ክትተሓሓዝ ዮናታን ትንፋስ ረኺቡ፣ ጽኑዑ እውን ኣራግጹ ኣሐየለ።

ዮናታን ንበይኑ ናብ ከተማ ተሰነይ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ብዞራል ነበርቲ ናይታ ከተማ ተሰነዩ ምዕዋቱ ርጉጽ ኮነ። ንገዕዝኡ ድማ ብ2ሰዓት፡ 48 ደቒቕን 46 ካልኢትን ብምፍጻም ኣብ ሰዓት 41.55 እናተጓዕዘ ብዘይተቓጸ ዕወት ናይቲ መድረኽ ኮነ - ብጫ ማልያ ድማ ወሰደ።

ኢጣልያዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣሞረ ቪታ ጋውሎ ድሕሪ 18 ካልኢት ንሚሮን ኣማኑኤል፡ የሴፍ ኣረሩያ፡ ኣሮን ደብረጼን፡ ተስፋይ ምሕረትኣብ፡ ኢድሓኖም ዘሚካኤል፡ ሚልዮን ኣማኑኤል፡ መርሃዊ ኳይትኦም፡ ካምራ ሄክዚማኑን ቀዲሙ ካልኣይ ወጺኡ።

ትማሊ ኣብ መንጎ ዝተሰርዐ ክልተ ናይ ነጥቢ ቅጽበታዊ ውድድርን ኣብ መዛዘሚ ዝተሰርዐ ቮሊታን ብዝተዋህለለ ነጥቢ ሩዋንዳዊ የሴፍ ኣረሩያ ብ17 ነጥቢ መሪሕነት ሒዙ ኣሎ። በዚ ድማ እቲ ሩዋንዳዊ ተቐዳዳማይ፡ ቀጠልያ ናይ ክብሪ ማልያ ክወዲ ክኢሉ ይርከብ። ዮናታን ኣሮንን ሚሮን ኣማኑኤልን ኸኣ ነፍስ ወከፎም 15 ነጥቢ ብምውሃባል ክሳብ ራብዓይ ተሰሪዖም።

ኣብ ዝርዝር ብሉጽ መንእሰያት ዮናታን ሃይሉ እዩ ጸብለል ኢሉ። ንሱ፥ ወናኒ ብጫ ማልያ ብምዃኑ፡ ጸዓዳ ነዛ ማልያ ኣይክወድያን እዩ። ዝስዕቦ ዘሎ ተስፋይ ምሕረትኣብ ክቕበሎ እዩ።

ሰማያዊ ማልያ፡ ንብሉጽ ወጻኢተኛ ተቐዳዳማይ እትወሃብ እያ። ኢጣልያዊ ጋውሎ ድማ ወናኒ ናይዛ ማልያ ኮይኑ ናብ ካልኣይ መድረኽ ዙር ኤርትራ ክኣቱ እዩ።

ብጋንታ ኣብ ዝቐየደ ዘሎ ቅልስ ሃገራዊት ጋንታ ሩዋንዳ ንሳሊና ናይ 21 ካልኢት ጋግ ብምንጻፍ ነዚ ውድድርዚ ብምዃኑ ትመርሕ ኣላ። ኤርትራን ጽንዓትን ድማ ሳልሳይን ራብዓይን ደረጃ ሒዘን ኣለዋ። ባይክ ኢደይ፥ ኣሞረ ቪታ፥ ምስሪን ሱዳንን ድማ ክሳብ ሻሙናይ ደረጃ ዘለዋ ጋንታታት እየን።

### ድሕሪ እቲ ውድድር እንታይ ተባህለ?

ዕወት ናይቲ መድረኽ ዮናታን፦ "እዚ ውድድር ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ክሊማ እቲ ቀንዲ ብደሆ ነበረ። ብኻልኣይ ድማ ተሳተፍቲ ጋንታታት እውን ቀለልቲ ኮይነን ኣይጸንሓን። ኣብ መወዳእታ ዝበረት ጉጅለ ትጠምገሙትን ትተሓላለውን ብምንባራ ከጥቅዕ ወሲነ። ደቂ ጋንታና ኸኣ ተሓባቢሮምኒ - ተዓዊተ ኸአ። ክሳብ መወዳእታ ናይዚ ውድድር ድማ እዛ ብጫ ናይ ክብሪ ማልያ ኣብ ዝባነይ ክትህሉ ተስፋ እገብር" ክብል ተዛሪቡ።

ኢጣልያዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣሞረ ቪታ - ጋውሎ፡ "ሃሩር ዘረባ የብሉን። ኣነ ኮነ ደቂ ጋንታይ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ረስኒ ኣብ ዘለዎ ውድድር ተሳቲፍና ኣይንፈልጥን። ብኸቢድ ረስኒ ዝተኻየደ ውድድር ብምዃኑ ድማ እናንደድና ነዚ ውድድርዚ ፈጺምናዮ ኣሎና" ኢሉ።

** ** **

"...እናንደድና ዘካየድናዮ ውድድር..."
ሉናርዶን ጋውሎ



# ምልክታ

ደሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ነፍ ሓድት መብራህቱ፡ ወረ/ነፍ ኣረጋሽ ወልደሚካኤል፡ ነፍ/ተኽለ ሓድት መብራህቱ ተኽለ ሓድት ብፍ/ስ/ዕዳ ወረ/ነፍ ሓድት መብራህቱ ወረ/ነፍ/ሪት ኣረጋሽ ወልደሚካኤል 1.ስዉእ ኤፍሬም ኣብርሃ 1.1ሚኪኤል ኤርምያስ 1.2ኢሰያስ ኣብርሃ 1.3ኣድያም ኣብርሃ 1.4ፌሽን ኣብርሃ 2.ነፍ/ተኽለ ሓድት 2.1ሚኪኤል ተኽሉ 2.2ተኽለብርሃን ተኽሉ 3.ኣስመላሽ ሓድት 4.ኣሰፋሽ ሓድት 5.ነፍ/ሓዳስ ሓድት 5.1ምሕረት ሓጎስ 5.2ሃይማኖት ሓጎስ 5.3ኣስቴር ሓጎስ 5.4ኣልጋነሽ ሓጎስ 5.5ለምለም ሓጎስ 5.6ገነት ሓጎስ 5.7ሸዋ ሓጎስ ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ብፍ/ስ/ዕዳ 1.ሚኪኤል ኤርምያስ 2.ኢሰያስ ኣብርሃ 3.ኣድያም ኣብርሃ 4.ፌሽን ኣብርሃ 5.ኣስመላሽ ሓድት 6.ለምለም ሓጎስ 7.ገነት ሓጎስ 8.ሸዋ ሓጎስ 9.ሻሹ ሓጎስ ተጸዊዖም ን10/5/16 ኣብ ላ/ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.29 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ድማ ጉዳዮም ኣብ ዘየለዉሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ኤልሳ ስዩም መርእድን ተኸሰስቲ 1.ኣማኑኤል ክፍላይ +5 ዘሎ ናይ ንብረት ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ኤደን ክፍላይ ተጸዊዓ ን12/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ኣብ ዘየለወትሉ እዚ ጉዳይ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መም/ኣብርሃጽዮን የውሃንስ ተኽለእየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ጽዮን የውሃንስ ተኽለእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

እድሪስ መሓመድዑመር መሓመድኣድም ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ መሓመድ ሸኽ መሓመድ ኣድም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ያቆብ የውሃንስ መንግስትኣብ፡ ኣደይ ወላዲተይ ወ/ሮ ለታይ ገብረሂወት ካብ ህጻንነተይ ጀሚራ ስለዘይፈልጣን ስለዝጠፍኣትንን ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ይወሃበኒ ስለዝበለ፡ ተጸዋዒት፡ ን5/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ህጻን ጃኔት የናስ ብወለዳ 1.ኣቶ የናስ ማሪቀስ ጸጋይ 2.ወ/ሮ ሰምሃር የናስ ተኽለጽዮንሳ ኣቢላ፡ ጃኔት የናስ ምባል ተሪፉ፡ ሶልያና የናስ ማሪቀስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት የሃና የሃንስ ኣስመላሽ ምባል ተሪፉ፡ የሃና የሃንስ መኮንን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/16/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኣቶ ሉቺያኖ ሙንጎ ቶማስ ምባል ተሪፉ፡ ሉቺያኖ ሙንጎ ኣኒባለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ምስግና መዓሾ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሀት ምስግና መዓሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ነብያት ነጋሲ ወልደስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ነብያት ብርሃነ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብርሀት ነጋሲ ወልደስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሀት ብርሃነ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚሮን ብርሃነ ሰለሙን ምባል ተሪፉ፡ ሚሮን ግርማይ ተሰፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ገብረኪዳን ወልደንጉስ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ፊልሞን ሞትባይኖር ባህታ ካብ ወርሒ 11/2013 ዓ.ም ኣትሒዙ ካብ ገዝኡ ምስ ወጸ ዝኾነ ይኹን ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ርግበ ገብረንጉስ ዓንደርግሽ፡ ወላዲና ነፍ/ገብረንጉስ ዓንደርግሽ ብርሃነ ንሂወት ከሎ ንዓይ ምስ 4 ኣሕዋተይ ኣብ ቅድሚ 3 መሰኻኽር ዝገበረልና ለበዋ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍን ሰምበልን

ወ/ሮ ኣምለሰት ንጉስ ሓጎስ በዓል ቤተይ ተኪኤ ወልዱ ዳምር ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኣቤቶ

ወ/ሮ ምልእተ በራኺ ተስፋማርያም በዓል ቤተይ ገብረመድህን ገብረዝጋብሄር ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ንፋስ

ወ/ሮ ፍትሃ ይሕደጎ ገብረስላሴ በዓል ቤተይ ተስፋዝጊ መድሃኔ ጎጃላ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ ዓድታት ክትመውሊዕ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም ፍስሃየ ኣስፍሃን ኣቶ መርሃዊ ሃብታይ ሃይልይን ናይ ሓዳር ክርክር ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መርሃዊ ሃብታይ ብመሰረት ዝተመስረተልካ ክሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ፡ ን12/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይ ክረአ እዩ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ፈለስቲ

ኣቶ ኣርኣያ ገብረዝጊ፡ ወደይ ምኪኤል ኣርኣያ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃም በርሀ፡ ኣደይ ለተሱስ ኣብርሃም ስለዝሞተት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጎላጉል

ትዕግስቲ ካሳ መድሃኔ በዓል ቤተይ መዓሾ በርሀ ሕድራይ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣይትዓብር

ወ/ሮ ትዕበ በርሀ መድሃኔ በዓል ቤተይ ኣስፍሃ ክፍሉሱስ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓል ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


# ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሓ.ዝ.ብ.ማ

## ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ንኹሎም ኣመንቲ ክርስትና ድማ ብፍላይ እንቋዕ ናብ በዓል ትንሳኤ ኣብጽሓኩም እናበለ ሰናይ ምንዮቱ ይገልጽ።

ብምኽንያት በዓል ትንሳኤ <u>ካብ 18 ሚያዝያ 2016 ክሳብ 7 ግንቦት 2016 ዝጸንሕ</u> ኣብ ኩሎም ምህርቲ ትካልና፣ ኣብ ኩሎም ናይ መሸጣ ቦታና ክሳብ 30% ዝበጽሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበርና ንክቡራት ዓማዊልና ነበስር።

- **ኣብ ኣስመራ፦** **<u>ኣብ ድኳን ትካልና</u>** ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ
  - **<u>ኣብ ድኳን ሃብቲ ተድላ</u>** ጎደና ከረን ቁጽሪ 29
- ኣብ መንደፈራ፦ **<u>ሩት ቡቲክ</u>** ጥቓ ጅራ ፍዮሪ
- ኣብ ደቀምሓረ፦ **<u>ፎዝያ ቡቲክ</u>** ጥቓ ዕዳጋ
- ኣብ ከረን፦ **<u>ዱባይ ቡቲክ</u>** ጥቓ ባንክ ኣባይትን ንግድን

ናይ መሸጢ ድኳናት ከፊትና ንኩሉ ተጠቃማይ፣ ናይ ክልቲኡ ጾታ፣ ንዝተፈላለየ ዕድመ ዘገልግሉ፣ ብውሕልነት ዝተዳለዉ፣ ንጥዕና ዘሰማምዑ፣ ብኣዝዩ ርትዓዊ ዋጋ ቀሪብናልኩም ኣሎና።

ካብ 18 ሚያዝያ 2016 ክሳብ 7 ግንቦት 2016
ካብ ሰዓት 08:00 ቅ/ቀ ክሳብ ሰዓት 07:00 ድ/ቀ

ኩሎም ናይ መሸጢ ድኳናትና ክፉታት ኮይኖም ንዓማዊልና ከገልግሉ እዮም።

**ኣድራሻና፦ ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ**
**ቴሌፎን** 182967/186405
**ኣስመራ**

# ሓራጅ

ኣብ መንን ብፍ/ቤ/መሰል ወ/ሮ ለምለም ገብረሂወት ብወኪል ኣብርሄት ገብረሂወት ብፍ/ቤ/ዕዳ ዶ/ር ጎይትኦም ተስፋይ ብወኪል ኢንጅ/ዑቕባይ መስፋን ዝነበረ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ኣብ ጋራጅ ሓሰን እትርከብ "ኒሳን ላውርያ" ዝዓይነታ መኪና ብቁ/ሰሌዳ ER-1-03438 ዝተመዝገበት ባትሪ የብላን፡ 4 ጎማታት ኣረጊት፡ ሕብሪ ምሕዳስ ዘድልያ ኮይና ብክኢላ ግምት መበገሲ ዋጋኣ ኣብ ሓራጅ 135,000 (ሓደ ሚእትን ሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕ) ናቕፋ ስለዝተገመተት ክወዳደር ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት ዋጋ ¼ ብስም ፈ/ፍርዲ c.p.o ኣሰሪሑ ወይ ተጠራቃሚ ሕሳብ (ቡክ) ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ጨረታ ዝካየድ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ሳንዱቕ ቅድሚ 5 መዓልቲ ዘሎ ጀሚሩ ስጋብ ናይ መወዳእታ ሰዓት ብምእታው። ክወዳደር ይኽእል።

ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምለከቶ ቤ/ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይቀረቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን እዩ።

ዕለት ሓራጅ፦ 12/05/2016
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00 – 4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ገበን መጋባእያ

ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ቁ. 67 መጺኡ ሰነድ ክወስድ ይከኣል።

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Red Sea Bottlers Sh. Co. Invites qualified applicants for the following post:

1. Post: - Executive Secretary
   Education: - Degree / Diploma in secretarial science from recognized university or college.
   Skill: - Secretarial skills
   - Good personal & interpersonal communication skill.
   - Fluent in English
   - Good knowledge of computer application.
   Experience: - 6 years as secretary
   Quantity: - 1
   Age: - 25 – 45 yrs
   Salary - as per company scale.

Interested applicants are required to come and fill an application form and submit their CV and supporting documents to Red Sea Bottlers Sh. Co., Human Resources and Administration office, Tel 162540, within 10 days from the date of this announcement.

Applicants must provide certificate of completion or exemption from national service.

# ምልክታ

ወ/ሮ ጽገወይኒ ገብረስላሴ፡ ኣብ ን/ዞባ ኣባሻውል ብስም ብርኽቲ ደስታ ተስፋሃንስ ግዝያዊ ምስክር ወረቐት 120231018 መ/ቁ 141018 ዝተመዝገበ ካብ ወረስቲ ብርኽቲ ደስታ ተስፋሃንስ ስለዝዓደግክዎ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ኖታሪ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተር ይቐረብ። እንተዘይኮይኑ ኦርጅናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ጽገወይኒ ገብረስላሴ

ወ/ሮ ኣምለሰት በየነ ገብሩ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ፋስት ፉድ ንግዳዊ ትካለን "ቆሮንጦስ ፋስት ፉድ" (QORONTOS FAST FOOD) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ክምንመዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ኣነ ኣቶ ዮናስ መሓሪ መለስ፡ ብስም ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ሙሳ ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/12 ጎደና "ቀ"፡ ቁ.ገዛ 6፡ ቁ.ሎታ 27፡ ቁ.ፓርቸላ T ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብምስክር ወረቐት 107238 መወከሲ ቁጽሪ 119213 ዝተመዝገበ ስለዝዓደግክዎ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ ናይ መኣገዲ ሒዙ፡ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታዮን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዮናስ መሓሪ መለስ

ወራሲት ነፍ/ጸሃየ ገብረትንሳኤ ሞሳዝጊ ዝኾንኩ፡ ወ/ሮ ኪዳን ተስፋይ ዘርኦ ምስ 5 ደቀይ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ዚፕ 1A172፡ ፕሎት 86፡ ፓርሰል ASP00005989-D፡ መለለዪ ገዛ ASD00007355፡ ስፍሓት መሬት 295 ት.ሜ ዝርከብ ገዛ ብቁ/መለለዩ መሬት 1፡009817 ብዕለት 6/4/2016 ብስም ነፍ/ጸሃየ ገብረትንሳኤ ሞሳዝጊ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክነመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይተረኺቡ ግን ሰነዳትና ኣቕሪብና ናብ ስምና ክነመሓላልፍ ምዃንና ነፍልጥ።

ወረ/ነፍ/ጸሃየ ገብረትንሳኤ ሞሳዝጊ
ወ/ሮ ኪዳን ተስፋይ ዘርኦ ምስ 5 ደቀይ

ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ጎዳይፍ ጎደና ዓሊተና መረብ ቁ./ገዛ - 24 ቁ/ፍ/ዋኒን - ASL00037612 ዝተመዝገበ ናይ ቤት መስተ ንግዳዊ ትካለይ ንወ/ሮ ኣዜብ ስእላይ ተኽለ ስለዘሸጥኩለን ብስም ሽያጢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምንመሓላልፍ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሂወት ሃብተጊዮርጊስ ተኽላይ

ወ/ሮ ሊያ ሰጊድ ማሃንዘል ዝተፈቕደለን ናይ መውዓሊ ህጻናት ንግዳዊ ትካለን "ምዕባለ መውዓሊ ህጻናት" (MEABALE KINDERGARTEN) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ክምንመዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድ ኢብራሂምን ኣቶ/ ሑሴን መሓመድ ኢብራሂምን ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምምሕዳር 09 ጎደና ዶጋሊ ቁጽሪ ገዛ 8 ብግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 101956 መወከሲ ቁጽሪ 107037/107036 ፕሎት 53 ፓርሰል "ዲ" ብስም ነፍ/ ሳዓዳ እስማዒል ሑመድን 2 ደቀንን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብቤት ፍርዲ ሽሪዓ ውሳኔ ፋይል ቁጽሪ 745/97 ብውህብቶ ካብ ነፍ/ ሳዓዳ እስማዒል ሑመድ ዝተዋህበና ናብ ስምና ክነመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ክፍሊ ትሕተ ቕርጻዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ኖታሪ ከምኡ እውን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ሕጋዊ መኣገዲ ጽሑፍ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሒዙ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድ ኢብራሂምን
ኣቶ/ ሑሴን መሓመድ ኢብራሂምን

ወ/ሮ ሜለ ተፍስዝጊ እስቲፋኖስ ዝተፈቕደለን ናይ መውዓሊ ህጻናት ንግዳዊ ትካለን "ቢኤምኤስ" መውዓሊ ህጻናት" (BMS KINDERGARTEN) ምባል ተሪፉ፡ "ሞህዲ መውዓሊ ህጻናት" (MOHDI KINDERGARTEN) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መEገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ክምንመዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

# "መጥቃዕቲ ቦኮ ሓራም ኣፍሺለ" ሰራዊት ናይጀርያ




ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ ጥቓ'ቲ ምስ ኒጀር ዘዳውብ ከባቢታት ብዕጡቓት ቦኮ ሓራም ንዝተፈነወሉ መጥቃዕቲ ጸፊዑ ከምዝመለሶ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ሰራዊት ናይ'ታ ሃገር ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ኣንጻር ሰራዊት'ታ ሃገር ሓያል መጥቃዕቲ ኣብ ዝኸፈቱሉ እዋን፡ ተረር ግብረ-መልሲ ከምዝገጠሞም ገሊጹ። ኣብቲ ኩናት፡ ሓይሊ ኣየር እውን ኣድማዒ ስራሕ ከምዘበርከተ እቲ ኣፈኛ ብተወሳኺ ኣነጺሩ።

እቲ ኣኽራሪ ጉጅለ፡ "ደማሳክ" ንዝተባህለት ምስ ኒጀር እትዳውብ ከተማ ንምቁጽጻር ተደጋጋሚ ፈተነ'ኳ እንተኣካየደ፡ ዛጊት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንግስቲ ከምዘላ እቲ ኣፈኛ የረድአ።

ምስ ዕጡቕ ጉጅለ ዳዒሽ ምትእስሳር ዘለዎ ቦኮ ሓራም፡ ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ቀጻሊ መጥቃዕቲ ከምዝኸፈተን ሰፊሕ ከባቢታት ናይ'ቲ ዞባ ተቖጻጺሩ ምህላዉን ይፍለጥ።

ቦኮ ሓራም፡ ኣብ ናይጀርያ ቁልዑ ዝርከብዎም ሰባት ብምጭዋይ ኣገዲዱ ኣብ ኩናት ከምዝሳተፉን ንደቀንስትዮ ኣገዲዱ ናብ ምንዛርና ከምዝእቱን'ዩ ዝግለጽ።

ኣብ ሚያዝያ 2014 ብዕጡቓት ናይ'ቲ ጉጅለ ካብ ቤት ትምህርተን ዝተጨውያ ልዕሊ 200 ደቀንስትዮ፡ ዛጊት ኣሰረን ከምዘይተረኽበ ይፍለጥ።


## ተወሳኺ

ኣመሪካዊ ዊልያም ሞርዝ ጓል 6 ዓመት ወላዲ፡ ኣብ ጕማም ፍሎሪዳ ክትሕንብሰን ምስ ብጾታ ፍንጭራዕ ክትብልን ክርእያ እንከሎ፡ ልቡ ብደስታ መሊኣት። ኣብ ዓለም ልዕሊ ኩሉ ኣብለጸ ዝርእያ እንኮ ጓሉ እያ። እታ ቈልዓ ኣብቲ ጕማም እናሓንበሰት እንከላ ግን፡ እቲ ባሕሪ ሃንደበት ብማዕበል ተናወጸ። በዚ መጺ ዘይተባህለ ማዕበል፡ ነታ ቈልዓ ናብቲ ዝዓመቈ ክፋል ሕዚዞዋ ተዓዝረ። ዊልያም ሞርዝ ኣብቲ ጕማም ኮይኑ ብዓይኑ ይከታተላ ነይሩ። ህይወት ጓሉ ኣብ ሓደጋ ከምዝኣተወት ብዝተዓዘበ ድማ፡ ንዓኣ ንምውጻእ ናብቲ ዝማጠል ዝነበረ ማዕበል ኣምረሐ። ኩሉ ሰብ ካብቲ ማዕበል ክሃድም እንከሎ፡ ዊልያም ግን ኣማራጺ ኣይነበሮን። ጓሉ ንምድሓን ህይወቱ ንሓደጋ ኣቃለዐ። ኣማኢያኡ ድማ ኣብቲ ብማዕበል ዝተናወጸ ባሕሪ እናሓንበሰ ንጓሉ ካብቲ መዓሙቕ ከውጽኣ ክኢሉ። ጓሉ ካብ ሞት ድሒና - ንሱ ግን ብህይወት ክቕጽል ኣይከኣለን። ብድኻም ተሰኒፉ ህይወቱ ሓሊፉ። ጋዜጣ ዋሺንግተን ፖስት፡ "ስለ ወላዲ ህይወቱ ዝሰኣነ ኣቦ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዘስፈረቶ ጽሑፍ፡ ንወዲ 28 ዓመት ዊልያም ሞርዝ "ጅግና ኣቦ" ብምባል ጠቒሳቶ። እቲ ዝኸርም ሞርዝ ብምኽንያት ቀብሪ ኣቦኡ እዩ ናብ ጕማም ፍሎሪዳ መጺኡ።



# "ቁጽሪ ዳይኖሶራት ቅድሚ ሓደጋ ኣስትሮይድ'ዩ ነኪዩ" ተመራመርቲ

ቅድሚ 50 ሚልዮን ዓመታት ኣብ ዓለምና ከምዝነብሩ ዝነገረሎም ግዙፋት እንስሳታት 'ዳይኖሶራት'፡ ኣብ ዓለም ብዘጋጠመ ሓደጋ ኣስትሮይድ ፍጹም ከምዝጸንቱ'ዮም ተመራመርቲ ዝገልጹ። እንተኾነ፡ ኣብ ቀረባ እዋን መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ብሪጣንያ፡ ቁጽሪ ናይቶም ግዙፋት እንስሳታት ኣቐዲሙ እናኣንቈልቈለ ይመጽእ ምንባሩ ኣረዲኦም።



ብመሰረት'ቲ መጽናዕቲ፡ ዳይኖሶራት ነቲ ቅድሚ 160 ሚልዮን ዓመት ዝጀመረ ምልውዋጥ ክሊማ ዓለም ክጻወርዎ ስለዘይከኣሉ እዮም ብቑጽሪ እናነከዩ መጺኦም። ኣብ ኣስከሬን ዳይኖሶራት መጽናዕቲ ከካይዱ ዝጸንሑ ተመራመርቲ፡ ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ መጽሄት ኣብ ዘስፈርዎ ጽሑፍ፡ ምስ ምቅይያር ኩነታት ኣየር ዓለም፡ እቶም ጥንታውያን እንስሳታት ብዝበዝሒ ክሞቱ ከምዝጀመሩ ዘረጋግጽ መርትዖ ከምዝረኸቡ ገሊጾም።

ንሶም ከምዝሕብርዎ፡ ካብ ምቕልቃሎም፡ ማለት ካብ ቅድሚ 231 ሚልዮን ዓመት ክሳብ ቅድሚ 50 ሚልዮን ዓመት ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ቁጽሪ ዳይኖሶራት ብቐጻሊ ከንቈልቍል ተራእዩ። ኣብ ፈለማ ኣብ ዓሌታት ዳይኖሶራት ቅልጡፍ ፍልቀታዊ ለውጢ ክረአ እንከሎ፡ ካብ ቅድሚ 160 ሚልዮን ዓመታት ጀሚሩ ግን ክንክን ከምዝተኸኣለ እቶም ተመራመርቲ ኣረዲኦም።

መራሒ ናይቲ መጽናዕቲ፡ ኣባል ዩኒቨርሲቲ ሪዲንግ ዶክተር ማናቡ ሳካሞቶ፡ "ዋላ'ኳ ጠንቂ ምጽናት ዳይኖሶር እቲ ኣብ ዓለም ዘጋጠመ ሓደጋ ኣስትሮይድ እንተኾነ፡ ቁጽሮም እናኣንቈልቈለ ብምኻዱ ኣማኢያኡ ምጽናቶም ዘይተርፍ ምኾነ" ኢሉ። እዚ መደምደምታ'ዚ ኣቐዲሞም ዘይተጸበዩዎ ምንባሮም ድማ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ስነ-ፍልጠታዊ ምርምር፡ ዓሌታት ዳይኖሶር ቅድሚ 66 ሚልዮን ዓመት ኣስታት 10 ኪሎ-ሜተር ዝንውሓቱ ግዙፍ ጠፈራዊ ኣካል-ኣስትሮይድ ኣብ ገጽ ምድሪ ድሕሪ ምውዳቑ ከምዝጸንቱ ይጥቀስ።

# ካቡል - ጣሊባን 28 ሰባት ቀቲሉ

ዕጡቓት ጣሊባን፡ ኣብ ካቡል ርእሲ ከተማ ኣፍጋኒስታን ብዘፈነውዎ ናይ ቦምብ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ ህይወት 28 ሰባት ከምዝጠፍአ ቢቢሲ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ማእከል'ታ ከተማ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ንግሆ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝወፍሩሉ ሰዓታት ከምእተኻየደ፡ እዚ ድማ ነቲ ኣልካ ንዝበርቲ'ታ ከተማ ንምርዓድ ዝዓለመ ከምዝነበረ ተገሊጹ።

በቲ መጥቃዕቲ ብውሑዱ 320 ሰባት ከምዝቖሰሉ ክፍለጥ እንከሎ፡ ዝበዝሑ ግዳያት ሰላማውያን ከምዝኾኑ ምንጭታት ሓቢሮም። ድሕሪ'ቲ ብርእሱ ቅትለት ዝተሰከመ መጥቃዕቲ፡ ድምጺ ፈኮስ ብረት ከምዝተሰምዐ እቶም ምንጭታት ብተወሳኺ ኣረዲኦም።

እቲ መጥቃዕቲ ካብ ፕረዚደንታዊ ቤት ጽሕፈት ናይ'ታ ሃገር ዓሰርተታት ሜትሮታት ርሒቑ ከምዝተፈጸመን ዕጡቕ ጉጅለ ጣሊባን ሓላፍነት ከምዝወሰደሉን ተፈሊጡ።

እቲ ጉጅለ ኣብ መርበብ ሓበሬታኡ ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኣባላቱ ንቤት ጽሕፈት ክፍሊ ጸጥታ ኣፍጋኒስታን ንምህናው ከምዝተዋፈሩ፡ ኣብ ቀጽሪ ናይቲ ቤት ጽሕፈት ኣንጻር ኣባላት ጸጥታ'ታ ሃገር ኣድ ብኣድ ከምዝተዋግኡን ገሊጹ።

ጉጅለ ጣሊባን ድሕሪ ምውጻእ ሓይልታት ልፍንቲ ካብ ኣፍጋኒስታን፡ ሓይሉ እናኣደልደለ ይመጽእ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ።

ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዕጡቕ ጉጅለ ጣሊባን፡ ኣብታ ሃገር ብስፍሓታ ሓሙሻይቲ ንዝኾነት ከተማ ኩንዱዝ ንሓጺር እዋን ክቈጻጸራ ከምዝኸኣለ ይዝከር።

ፕረዚደንት ኣፍጋኒስታን ኣሽራፍ ጋኒ፡ ነቲ ብጉጅለ ጣሊባን ዝተኻየደ ዘሎ መጥቃዕቲ ንምብርዓኑ ሰራዊት ወትሩ ድሉው ክኾውን ኣዚዞሞ።



# ቻይና - ምስጢራዊ ሰነዳት ዘልሓኸ ክኢላ ንሞት ይፍረድ

ቻይና 150 ሽሕ ምስጢራዊ ሰነዳት ንናይ ወጻኢ ሓይሊ ከምዝልሓኸ ዝገለጾቶ - ክኢላ ኮምፒዩተር፡ ብሞት ክቕጻዕ ከምእትፈርዶ ኣፍሊጣ።

መንግስታዊት ተለቪዥን ኣብ ዘመሓላለፈቶ ዜና፡ ሀዋንግ ዩ ዝተባህለ ሰራሕተኛ መንግስቲ፡ ካብቲ ዝሰርሓሉ ትካል ብሰንፍና ተሰጕጒ'ኳ እንተነበረ፡ ዓቕሙ ንዝነበረ ምስጢራዊ ሰነዳት ኣሕሊፉ ንወጻእተኛ ሓይሊ ከምዝሃበ'ዩ ተገሊጹ።

እቲ ኣብ ዞባ ሰሹዋን ዝነብር ቴክኒሻን፡ ካብ ስራሕ ድሕሪ ምስጓጉ ብሕርቃን ዝኣክል ነቲ ሰነዳት ናብ ናይ ወጻኢ ትካል ክሸጦ ከምዝወሰነ ምንጭታቱ ተሓቢሩ።

እቲ ካብ ጉዳያት ኮሚኒስታዊ ሰልፊ ቻይና ክሳብ ወተሃደራውን ፋይናንሳውን ሰነዳት ናይታ ሃገር ዘጠቓለለ ምስጢራዊ ሰነዳት፡ ኣብ ኢድ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣትዩ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ገበነኛ ኣብ ግዜኡ ሃገሩ ብዘውረዶ ሓሰያ ብሞት ክቕጻዕ ከምዘወሰነ ድማ ቤት ፍርዲ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።




ብመሰረት ሓበሬታ መንግስታዊት ተለቪዥን ቻይና፡ እቲ ክሱስ ንበዓልቲ ቤቱን ሓዉን ኣብቲ ምስጢራዊ ሰነዳት ናይ ምሻጥ ከቢድ ገበናት ከእትዎም ከምዝፈተነ'ዩ ዝግለጽ።

ብፕረዚደንት ቻይና ሺን ጂንፒንግ ዝምራሕ መንግስቲ ቻይና፡ ንክፍሊ ጸጥታ'ታ ሃገር ብምድልዳል ኣንጻር ብልሽውናን ግብረ-ሽበራን ተረር ስጉምቲ ይወስድ ምህላዉ ይፍለጥ። እቲ መንግስቲ ንሃገር ዝጎድእ ምስጢራዊ ሰነዳት ካብ ምልሓኽ ንምክልኻል፡ ሓደሽ ሕግታት ጸጥታ ሳይበር ከምዝተኣታተወ ብተወሳኺ ይጥቀስ።